# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.159 | ረቡዕ 5 መጋቢት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ሕቡእ ዘበናዊ ጊላነት ኣብ ደቡብ ኤስያ ይኸፍእ



ገጽ 9
ናይጀርያዊ ኣንባቢ




ገጽ 10
"ትውጋሕ!" - ሕራይ ትውጋሕ



ገጽ 11
ሊግ ዓንስባ ብክልቲኡ ...




## ባይቶ ዞባ ማእከል፡ መበል 23 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ

ባይቶ ዞባ ማእከል፡ "መትከል ርእሱ ምርኮሳ ምስጠር ኩሉ ዓወታትና" ብዝብል ቴማ፡ ትማሊ 4 መጋቢት መበል 23 ስሩዕ ኣኼባኡ ኣቃኒዑ።

ኣቦመንበር ባይቶ ኣቶ ኣብርሃም ስመረ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ "ኢየረሳዕናዮን" ብዝብል ቴማ ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ጽላኢ ዝፈጸሞ ህልቂት ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ኣስመራን ከባቢኣን ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደብ ኣብ ምውርራስ ታሪኽ ብምጥቃስ፡ ነቲ መደብ ንምዕዋት ንዘተራእየ ወህደት ብስም ባይቶ ኣመስጊኑ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ሸማግለታት ቀጠባዊ ልምዓት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ባህልን ልምድን ከምኡ'ውን ሕግን ስርዓትን ካብ መበል 22 ኣኼባ ንደሓር ንዝዮመሞአ ንጥፈታት ዘበርህ ዝርዝራዊ ጸብጻብ ኣቕሪበን።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘቐደሞ ዘተ፡ ጽሬት ከተማ ዝድውን ተርእዮታት መውረርያ ክግበረሉ፣ ሕጽረት ኣገልግሎት ህዝባዊ መጎዓዝያ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ዝተዓጽዋ ህዝባውያን ዓይኒ-ምድሪ መሰረታዊ ጽገና ተገይሩለን ናብ ኣገልግሎት ንምምላሰን ክስራሕ፣ ኣብ እዋን ክራማት ዕልቕልቕ ዝፈጥር ምዕባስ ፋኛቱራታት ድማ ፍታሕ ክናደየሉ ኣዘኻኺሮም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ንመደባት 2025 ብዝምልከት ንባይቶ ኣብ ዘሎ መግለጺ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝላዓለ ክድፋኣሉ፣ ብማስመር ዝዕደል ማይ ንምስፋሕ ምስራሕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ 5 ዓድታት ዱጋታት ንምህናጽ ዘድሊ ንጥፈታት ቅዳሳን ምድላዋትን ምኽያድ፡ ገለ ካብቶም ንትግበረ ተበጊሒሶም ዘለዉ መደባት ምዃኖም ገሊጹ።

ባይቶ ኣብ መወዳእታ፡ እዋናዊ ሽግራት ህዝቢ ዝፈትሑ መደባት ቀዳምነት ክወሃቦም፣ ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ስጥመት ዝምድና ቤት-ትምህርቲ፡ መማህራንን ወለድን ክድልደል፣ ምጽጋን ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ክቕጸል፣ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምጽጋን ዘድሊ ጥረ ነገራት ድማ ክፍታሕ ዝብል ለበዋታት ኣሕሊፉ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለ ኣብ ዘሎ መዛዘሚ ቃል፡ ንተራ ኮምን ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ኣድማዕነት ትግበረ ዝተወጠኑ መደባት ድሕሪ ምምጓስ፡ ኣብ 2025 ዝዕመም መደባት ንምትግባር፡ ንጡፍ ተሳትፎ ኣባላት ባይቶ ከየዘዘ ጸዊዑ።




ስእሊ - የውሃንስ መብራህቱ

## መደባት ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ስርሒት ፈንቅል ተገምጊሙ

"ፈንቅል፡ ቅኑዕ ሕርያ" ብዝብል ቴማ ካብ 7 ክሳብ 9 ለካቲት ዝተኻየደ ዝኽሪ መበል 35 ዓመት ስርሒት ፈንቅል፡ ብኣወዳድባኡ ኩነ ስዑጥበባዊ ትሕዝቶኡ ዝምስገን ምንባሩ ተገምጊሙ።

ኣወሃሃዲ ሸማግለ በዓላት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብ27 ለካቲት ምስተን ነቲ በዓል ንምድማቕ ዝቘማ 13 ኮሚታት ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ሓደ-ሓደ ሃንፋት ጉዲፍኑ፡ እተን ኮሚተታት ንዝተዋህበን ዕማማት ብግቡእ ብምስልሳለን፡ እቲ ዝኽሪ ብምዕሩግ ኣገባብ ክጽምበል ከምእተኻእለ በሪሁ።

ኮሚተታት ንዝበረ ብልጫታትን ሕጽረታትን ዝምልከት ሰፊሕን ዝርዝራውን መብርሂ ድሕሪ ምቕራብ፡ ምስ ሕጽረት ባጀት ዝርኣ ጸገማት ብኣጋ ዝእለዩሉ ኩነታት ክፍጠር ተላቢዮን።

እቲ ጸምብል ልዑል ቀጽሪ ነጋድያን ብፍላይ ድማ ካብ ወጻኢ ዝመጽኡ ኤርትራውያን ዝተራእየሉ ብምንባሩ ኣብ ቀረብ ሆቴላት ሕጽረት ከምዝተራእየ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ንቑጽሪ ነጋድያን ዝመጣጠን ኣቕርቦት ክዋደድ ኣዘኻኺረን።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ኣቦ'ቲ ጸምብል ዝቐደሉን ባዘራት ዝደኰኑሉን ቦታታት ተንቀሳቓሲ ዓይኒ-ምድሪ ክዋደድ፣ ኣብ ከባቢ ግርጉሱምን ሓፀላይ ደሴትን ዝውደቡ ናይ ምዝንጋዕ ምስትምቓር

ኣመሓዳሪት ዞባ - ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ኣብ ዘስመዓቶ መዛዘሚ ቃል፡ ንኹለን ኮሚተታት ከምኡ'ውን ዝተፈላለያ ትካላት መንግስቲ፡ ስለ'ቲ ዘርኣይኦ ተሳትፎን ወህደትን ድሕሪ ምምስጋን፡ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ብቑጽሪ ነጋድያኑ ዳርጋ ርእሲ ከተማን በዓላት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንዝተራእየ ሃንፋት ኣሪምካ ብዝላዓለ መልክዑ ንምብዓሉ፡ ብኣጋ እኹል ምድላዋት ክግበር ሓቢራ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣበርክቶ ንዝገበራ ትካላት ወረቐት ምስክር ተዓዲሉ።



ጸጋታትን መደባት ድማ ንጸርያት ጉምጉም ባሕሪ ኣብ ግምት ዘእተዉ ክኾኑ ዝብልን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ሂቦም።




ስእሊ.-ደምሳስ ጺጋ

ዜና

# ጎልጅ - ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ተመሃሮ ዕብየት ኣመዝጊቡ





ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ተሳታፍነትን ብቕዓትን ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዕብየት ከም ዘመዝገበ፡ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ እቲ ተሳታፍነት ኣብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ይዓቢ'ኳ እንተሎ፡ ምስ ብዙሓ. ነበርቲ ብምዝማድ ግና ኣብ'ቲ ዘለዎ ንላዕሊ. ክኸውን ስለዝኾነ፡ ጸቢት መማሃሪ ክፍልታት ፍታሕ ክናደየሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ተመሃሮን ወለድን ዝርአ ሸለልትነት ክውገድ ለበዋ ቀሪቡ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዓብደላ ማሕሙድ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ብሓፈሻ ዓበላሊ. ከም ዝሎ ብምጥቃስ፡ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ዝሓልፉ እውን፡ ቀጽረን ብኡ መጠር ይወሰኽ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሴ ዘርኣሚካኤል ብወገኑ፡ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምድንፋዕ ዝተታሕዘ መደባት ንትካላት ትምህርቲ ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ኣካላት መንግስቲ፡ መሓውራት ምምሕዳርን ኮምን ብውህደት ክሰርሑ ጸዊዑ።

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ኣገልግሎት ጥዕና ንምስፋሕ ይስራሕ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ምስፋሕን ምምዕባልን ብሓፈሻ፡ መደባት ክታብት፡ ሕርሰን ኮም ዝመርሓ ሓብራዊ ጽሬትን ምድንፋዕ ደማ ብፍላይ፡ ካብ ቀንዲ. መደባት 2025 ከም ዝኾኑ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዶ/ር ዓሊ. ሓሎ ዝ. ዝገለጹ እቲ ጨንፈር ብ1ን 2ን መጋቢት ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣብ ዘቃነዩ፡ ትግባረ መደባት 2024 ብምግምጋም ኣብ መደባት 2025 ዝዘተየሉ ኣኼባዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሓለፍቲ ትካላት ጥዕና ኣብ ንኡሳን ዞባታትን ሓለፍቲ ኣሃዱታት ናይ'ቲ ጨንፈርን፡ ትግበረን ጸልዋን ዝተተግበረ መደባት ምስናይ ብልጫታቱን ድኻምታቱን ብመልክዕ ጸብጻብ ኣቕሪቦም።

በዚ. መሰረት፡ ብደረጃ ዞባ ልዕሊ. 92 ሽሕ ተገልገልቲ ኣብ ትካላት ጥዕና ተመላሊሶምን ደቂሶምን ክሕከሙ ከለዉ፡ ልዕሊ. 200 ዓበይትን ንኣሽቱን መጥባሕቲ ከም እተኻየደ ተፈሊጡ።

ኣብ ክሽክን ኣደን ህጻንን፡ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ቅድሚ ሕርሰን ድሕሪ ሕርሰን ጸቢቕ ክትትል ከም ዘሎ ክጥቀስ ከሎ፡ ኣገልግሎት ሕርሲ. ኣብ ትካላት ጥዕና ዝያዳ ንምዕባይ ደማ ግና ወሀድ ጻዕሪ ክቕጽል መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ መንታይ ኣብ ዝሃቦ መዘዞሚ ቃል፡ ኣብ ኩሉ ጫፋት ናይ'ቲ ዞባ ተዘርጊሖም ዘለዉ. ሞያውያን ጥዕና ንዘሁብዎ ዘለዉ. ኣገልግሎት ብምምጓስ፡ ዘይምጥርናፍ ዓድታት ኣብ ግዳት ኣትዩ፡ ኢጋር ሓካይም ብብዝሒ. ናይ ምስልጣን መደብ ክሰርሓሉ፣ ከምኡ'ውን ምክትታልን ምክልኻልን ተርእዮ ሰገራ-ደባዊ. ሕማማት ብንቕሓት ክዕመም ኣዘኻኺሩ።

እዚ. ከም'ዚ. ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ኪ.ሚረ - ን/ዞባ ማእከል ደንካልያ ብናቕሚ ህዝቢ. ዝተሰርሐት ነቝጣ ጥዕና ተመሪቓ ኣገልግሎት ክትህብ ከም ዝጀመረት፡ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ.

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተሰፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጰ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም　　ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ　　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጰ. 1284


# ሰረጀቃ - ንሰለስተ ዓድታት እተገልግል መደበር ጥዕና ትህነጽ ኣላ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ሰረጀቃ፡ ንዓድታት ኳዜን፡ ዓደረቢትን ዓደንጉዳን እተገልግል መደበር ጥዕና፡ ብልዕሊ. 2.5 ሚልዮን ናቕፋ ትህነጽ ኣላ።

እዛ ብምምሕዳር ዞባ ማእከል ትስራሕ ዘላ መደበር ጥዕና፡ መርኣይን መደቀስን ዘጠቓልል ክፍልታት፡ መዕረፊ ማይን ረሳሕ ፈሳስን ባኞታት፡ ከምኡ'ውን ዓይኒ-ምድርን ካልእ ትሕተ-ቅርጻን ከም እተጠቓልል፡ ኑቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ጆሜትራ መሰስ እምባዩ ሓቢሩ።

ኣመሓዳርቲ ናይ'ተን ከባቢታት ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ኑቲ ስራሕ ንምዕዋት፡ ብዝተወደበ መልክዕ ጉልበታዊ ደገፍ ይገብር ከም ዘሎ ገሊጾም።

ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ንዘጋንሖም ከቢድ ጸገም ዝጠቕሱ ነበርቲ ብወገኖም፡ መስርሕ ህንጸት'ታ መደበር ጥዕና ንምቅልጣፍ፡ ካብኦም ዝሕተት ከምዝምልኡ ኣረጋጊጾም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቃ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀል ድማ፡ እታ መደበር ጥዕና ኣብ'ቲ ከባቢ. ንእትፈጥሮ ርግኣት ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ዝርኣይዎ ዘለዉ. ተሳትፎ መጕሱ።




# ዓንሰባ - ሕሩም ሕዛእቲ ንምስሳን ጻዕርታት ይካየድ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ተፈጥሮኣዊ ጺጋታት ብሓፈሻ፡ ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ድማ ብፍላይ ንምዕቃብን ቀጻልነቶም ንምውሓስን፡ ኣብ ምስሳን ሕሩም ሕዛእቲ ብኣድህቦ ይሰራሕ ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ወኪል ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ከስተ ተስፋጽዮን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብጠቕላላ 14 ሽሕ ሄክታር ሕሩም ሕዛእትን ልዕሊ. 23 ሽሕ ሄክታር ዓዳዊ ሕዛእትን ከም ዘሎ ብምጥቃስ፡ ዝዓበየ ክፋል ናይ'ቲ ሕዛእቲ ኣብ ከበሳዊ ክፋል ብምህላው፡ ኣብ ቆላን ሓወሲ. ቆላን ንምስፋሑ ጻዕርታት ይካየድ ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

ሓይጋ ምጥፋእ ዘጋጥሞም ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ንምዕቃብን ንምስሳንን ዝኸለለ ሕሩም ሕዛእቲ በቲ ሓደ፣ ዳግማይ ጉራብካ ምሕዛእ ድማ በቲ ካልእ፡ ኣብ ዝበዝሓ ከባቢታት ዝትግበር ዘሎ ንጥፈታት ከም ዝኾኑ'ውን ኣፍሊጡ።

"ሕዛእቲ፡ ባእክ ናይ ሓረስቶት'ዩ" ዝበለ ኣቶ ከስተ፡ ውሕስነት መዘቢ. እንስሳ ንምርግጋጽን ንምውሓስን፡ ከምኡ'ውን ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነት ንምስሳን ኣገዳሲ. ስለዝኾነ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ገሊቡ ዓዲተኸሊዘን ሓልሓልን ሓመልማሎን ብሓፈሻ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላብርዕድ ድማ ብፍላይ ብሰፊሑ ይሰርሓሉ ከም ዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ዞባ ዓንሰባ፡ ካብ መዓልዲ. ጆሚሩ ክሳብ ሃገራዊ ሕዛእቲ ሰሜናዊ ባሕሪ ዝዝርጋሕ ሕዛእቲ ንምስፋሑ፡ ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ምስ ምምሕዳር ዞባን ግንባርን ብምትሕብባር ይሃጥፉ ከም ዘለዉ፡ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ዞባ ዝርከብ ሽዱሽተ መደበራት ፈልሲ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ዓመት 48 ሚእታዊት መበቆላዊ ኣግራብ ዝርከቦ ኣስታት 1.6 ሚልዮን ፈልሲታት ብምድላው፡ መደባት ምግራብ ብምሕያል ባዲሙ ዝጸንሐ ከባቢታት ኣብ ንቡር ንምምላስ ኣበርክቶ ከም ዝገበሩ፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣሕሲ.ሩ።



# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ሕቡእ ዘበናዊ ጊላነት ኣብ ደቡብ ኤስያ ይኽሻሕ

ኣብዚ ቅንያት እዚ ኣብ ሃገራት ደቡብ ኤሲያ ኣብ ዝተደኮሉ ሕቡእ መዓስከራት ገበን ተጨወዮም ካብ ዝጸንሑ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ መንእሰያት፡ ብወተሃደራዊ ስርሒታት እናተፈትሑ ናብ ሃገሮም ይምለሱ ከም ዘለዉ ክቃላሕ ምቕናዩ ይፍለጥ። እቶም መንእሰያት ካብ ሃገሮም ናይ ስራሕ “ጠሉብ” ዝረኸቡ እናመሰሎም ብናይ ኢንተርነት ደላሎ ተጠቢሮም ንስድራኦም ተፋንዮም ብሕጋዊ መንገዲ ዝወጹ እዮም። ኣብተን ሰራሕተኛታት ዝጠልባ ሃገራት ምስ በጽሑ ናብቲ መዓስከራት ገበን ይወሰዱ። ኣብኡ ምስ ኣተዉ እዮም ከም ዝተጨወዩ ናጽኑቶም ከምእተገፈፉን ናብ ገላዩ ከም ዝተቐየሩን ዝፈልጡ። ፓስፖርት ተሓዲጎም ደማ ኣብ ወሽጢ መካቡቢያ ከም እሱራት ይነብሩ።

ሓደሽ ሕሳብ (ኣካውንት) መራኸቢ ብዙሓን ብምኽፋት ንዓማዊል ከመይ ከምዝጥብሩን ዝሰርቁን ስልጠና ይወሃቦም። ኣብ ካልእ ሃገራት ምስ ዝርከቡ ዓማዊል ርክባት እናገበሩ ድማ በበይኑ ሓሶት እናፈጠሩ ገንዘብ ይስሕቡ፡ ናይ ባንክ ቀጽሪ ሳንዱቕ ይሰርቁ - ቅሙጥ ገንዘብ ከኣ የግዕዙ። ተንቀሳቓሲ ወይ ደረቕ ምስልታት ጾታዊ ርክባት እናዘርግሑ ገንዘብ ይሓተቱ። ብኢንተርነት ዝኣልዩዎ ሰብ ዘዩለ ክሪፕቶካረንሲ ክዕድግ ሓብሊም ገንዘብ ከም ዝኸፍል ይገብሩ። እቶም መንእሰያት ካብ ዓዶም ክወጹ እንክለዉ. ፈለማ ናብ ታይላንድ እዮም ዝውሰዱ። ካብኡ ናብ ሚያንማር ሰጊሮም ናብቲ መዓስከራት ይውሰዱ’ሞ፡ መኑቶም ተገፊፉ ኣብ ኣሰቃቒ ጊላነት ይኣትው። ብጦትሪ እናተቐጥቀጡ ከኣ ይቕጸዑ። መጻልታዊውን ብሸፈጥን ጥበራን ማስመር ኢንተርነት ገንዘብ ከእትዉ ትጽቢት ይግበረሎም። ዝተዋህቦም ኮታ እንድሕር ዘይኣማልኦም ድማ ከበድ መቕጻዕቲ ይቕበሉ።

ከምቲ ንሶቶም ብናይ ሓሶት ናይ ስራሕ ምልክታ ተዓሻሺዮም ኣብ ታይላንድ “ጠሉብ ረኺብ” ኢሎም ኣብ መጻወድያ ዝኣተዉ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ሓሶት ምልክታ እናፈነዉ. ግዳያት ይደልዩ። ተሰፉ ዝሁብ ዓሚል ክረኽቡ እንክለዉ. ብትዕግስቲ ከም ዘይጥርጥርን ዘይሃድምን እናገበሩ ነዊሕ መዓልታት ብዘወሰድ ዕላል የዘናግዕዎም። እዚ ሜላ እዚ፡ “ማሕረዲ ሓሰማ” ኢሎም ይጽውዕዎ። ከምቲ ኑቲ ሓሰማ ክሳብ ዝሰብሕ ብትዕግስቲ ትጽበዮ፡ እቲ ዓሚል’ውን ከሉ ጥርጣረታት ንኽደኒ ደርብዮ ክሳብ ዝተኣማመን መጻወድያ ዘርጊሖም ይጽበይዎ። ኑቲ ዝደልዮ ጉዳይ ንምስላጥ ከኣ ገንዘብ ከም ዝፍኑ ይግበርዎም። ወይ ቀጽሪ ሳንዱቕ ጣኺ ክሰርቁሉ ኣብ ዝኽእሉ ምስጢራት ከም ዘውጽኡ ይገብሩ።



ሰብ ሰርሖ ብልሒ (ኤ.ኣይ) ተጠቒሞም፡ እቲ ማስመር ከፊቱ ዝዕድም ዘሎ ወዲ - ጽብቕቲ ጓል ማሰሉ ይቐረብ። መኸሰብ ዝርከቦ ዋጋን ይጀማመር ከም ዘሎን ከይሓልፈኩም ብርኺ. እተዉ. እናበለ ይዕድም። ናይ ምዝገባ ተሳትፎን ገንዘብ ከኣ ካብ ዝተገርሁ ሰባት ብሓዋላ ይሰሕቡ። ካብቲ ሓደሽ ዓሚል ገንዘብ ምስ ኣሰገረ፡ ርክቡ ቀይሩ ምስ ካልእ ይጅምር። ዓጣራት መሰሉ እውን ይቋጸር። ካብ ሕሳብ ዝተወሰኑ ዕርክን ክፍኖ ኸኣ ይጠልቡ። እቲ ጅሆ ሰርሑ ምስ ፈጸመ ኑታ ሸዓ መዓልቲ ብዘይዕትሪ ይወዕል። እቶም ኣሰራሕቲ ገንዘብ ስለ ዘይጸግቡ ኑቲ ጊላ መመለሱ ክወሰኽ እዮም ዘገድድዎ። ምኽንያት እንድሕር ኣብዩዎ ደማ ብኤሌክትሪክ የሳቕይዎ። ጓል እንተኾይና ኸኣ ከዞርያኪ ኢና ይብልዋ። መሸጣ ኩሊት ሰብ ከምዝካየድ እውን ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብታ ቅሳትን ምርግጋእን ዘይብላ ሚያንማር ከምዚ ዓይነት ናይ ገበን ዋኒናት ዘካይዳ ብዙሓት ትካላት ብኣግራብ ኣብ ዝተሸፈነ በረኻታት መዓስከራት ደኩነን ኣለዋ። ካብ ኣፍሪቃን ደቡብ ኤሲያን ብኣማኢት ዝቖጸሩ መንእሰያት ጠበረን ናብዚ መዓስከራት ከእትዋ ክኣለን እየን። ካብ መንግስቲ ሚያንማር ደገፍ ዘለዎ ደባት ዝሕሉ ሓይሊ. ምልሻ ኣብዚ ቅንያት ጥራይ ኣስታት 10 ሽሕ መንእሰያት ካብቲ ተጨወዮምሉ ዝነበሩ መዓስከራት ፈቲሑ ኣሎ። ዜጋታተን ናብ ዓዶም ዝመልሳ ሃገራት ከም ዘለዋ ክፍለጥ እንክሎ፡ ካብ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝተወሰዱ ኸኣ ዘልዕሎም መንግስቲ ወይ ገበርቲ-ሰናይ ማሕበራት ይጸንበሩ ምህላዎም ይፍለጥ።

## ጥንቃቐ ዝጎደሎ ኣጠቓቕማ ኢንተርነት ዘስዕቦ መዘዝ

ገና እቲ ዝጠዘለ መዓስከራት ገበን ከም ዘይትረኽበ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ኣብቲ በረኻታት ሚያንማር ኣስታት 120 ሽሕ ዝተጨወዩ ገላዩ ክህልዉ. ከምዝኽእሉ ይግመቱ። ኣብ ካምቦዲያ እውን ብተመሳሳሊ. ካብ 100 ሽሕ ዘይውሕዱ ጅሆታት ክህልዉ. ከም ዝኽእሉ ዓለምለኻውያን ትካላት ይገልጹ። እዚ ዘመናዊ ባርነት፡ ብዘይዳ ዕጽዋ ኮቪድ-19 ንምድሪ ምስ ጎልበበ ኣብ ሰለስተ ሃገራት - ሚያንማር፡ ካምቦድያን ላኦስን ከም ዝጀመረ ይንገር። ብትካላዊ ዋኒን ጠላዕ ዝካየድ ዝነበረ እቶት ብሰንኪ. እቲ ዕጽዋ ምስ ተቛረጸ፡ ብኢንተርነት ዝካየድ ናይ ሸፈጥ ዋኒን መተካእታ እናኾነ ከይዱ። ኣብዚ እዋን ኣብ ደቡባዊ ኤሲያ ዝካየድ ዝተወደበ ዋኒናት ገበን ዓመታዊ ብትሪልዮናት ዶላር ዝቖጸር እቶት ከም ዝረክብ ጸብጻባት የረድኡ።

እቲ መዓስከራት ገበን ዝተኸፍተሉ በረኻታት ከኣ “ፍሉይ ቁጠባዊ ዞባ” እናተባህለ ብቶም ሰብ ዋኒን ይጽዋዕ። መንእሰያት ካብ ሃገሮም ብኢንተርነት ብዝኣልዩዎም ደላሎ እናተጠበሩ እዮም ዝኸዱ። ብጉጅለ ዝፍጸም መገሻ፡ ልዑል መሃያ ዝርከቦ ሰፊሕ ናይ ስራሕ ዕድል ከም እተረኽበ ስለ ዘምሰል ንኻልኦት መንእሰያት ከኣ ይደፋፍእ። ካብ ቤተሰብ ብዙሕ ገንዘብ ኣኻኺቦም ከኣ ንመሳፈሪ ከፊሎም ካብ ሃገር ይወጽኡ። ኣብ ታይላንድ ምስ በጽሑ ዝቕበልዎም ሰባት ዶብ ኣሰጊሮም ናብ ሚያንማር የእትውዎም። ወይ ከኣ ናብተን ካልኦት ሃገራት የኽፋፍልዎም። ገንዘቦም ኣጥፊኦምስ ኑብሶም ንብርት የረክቡ ማለት እዩ።

ኣብማእከላይምብራቕንወጻኢተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ምስ ጊላነት ኣብ ዝዳረግ ኣዋራዲ ክድምና እናእተዋ ከም ባህሊ. ዝሰቕያ ሃገራት ከም ዘለዋ ዝፍለጥ’ኳ እንተኾነ፡ ብሕጋዊ መንገዲ ዝኸዳ ኣዋልድ ከምልጣሉ ዝኽእላ ኣገባብ ኣለወን። እዚ ኣብ ደቡብ ኤሲያ ኣብ መዓስከራት ገበን ዝካየድ ጊላነት ግና፡ ተዓሲቦም ገንዘብ ዘይትረኽበሉ ሃዲምካ እውን ዘይትወጸሉ ብምኳኑ ዝገደደ ይገብሮ። እዚ ዓይነት ጊላነት ሓደገኛ ዝገብሮ እቲ ሰብ ባዕሉ ብፍታዉ. ከይተገደደ ዝኣትዎ ብምኳኑ እዩ። ምስ ተታሕዘን ኣብቲ “ፍሉይ ቁጠባዊ ዞባ” ምስ ኣተወን ግና መውጽኢ. የብሉን። ብህይወት እንተወጺኡ እውን ዕድለኛ እዩ። ኣብተን ብጠዘሒ. ህዝቢ. ተጨናኒቐን ዝርከባ ሃገራት ደቡብ ኤሲያ ሰራሕተኛ ውሒዱስ ካብ ኣፍሪቃ ሰብ ይጠልባ ከም ዘለዋ ዝኣምን ሰብ - ኣፍልጦ ዝጎደሎ ጥራይ እዩ።

ኣብ ኢንተርነት እንረኽቦ ናይ ስራሕ ዕድል ምልክታ ብጥንቃቐ ክንዕዘቦ ይግባእ። እቲ ብኢንተርነት እንኣልዮ ሰብ ናብ መጻወድያ ክሳብ ዘእትወካ ብጠባሪ ቃላትን ብነዊሕ ትዕግስትን ተኣማኒ መሰሉ ክረአ ይኽእል። እዚ “ማሕረዲ ሓሰማ” ዝተባህለ ሜላ፡ ኑቲ ግዳይ ካብ ሃገር ብምውጻእ ኣብ ዝደለዮ ክጥቀመሉ ይኽእል። ወይ ከኣ ስእሊ. ናይቲ ግዳይ እንድሕር ረኺቡ፡ ኣብዚ ግዜ እዚ ማዕበሉ ብዘሎ መዋደዲታት ናብ ቪድዮ ቀይሩ ክጥቀመሉ ይኽእል። እታ ግዳይ ገንዘብ ክትሰድድ፡ እንተዘይኪኢላ ግን ኑቲ ቪድዮ ናብ ዓለም ከም ዝፍንዎ ኸኣ የጠንቅቕ።

እዚ ብኢንዱስትርያዊ ደረጃ ዝካየድ ምስጢጋር ሰባት ኣገዳሲ ዝማዕበለ ዝገብሮ፡ ምስቶም ካብ ሃገር ዘወጽኡ ደላሎ ብኣካል ከይተራኸቡ ብመርበብ ሓበሬታ ዝፍጸም ምኳኑ እዩ። እቶም



ኣሰገርቲ፡ ትሑት ደረጃ ትምህርቲ ዘለወን ኣዋልድ ኣብ ጾታዊ ስራሓት ይምድብወን። ኑቶም ደረጃ ዩኒቨርስቲ ዝበጽሑ መንእሰያት ከኣ ኣብ ኣሰቡዳድ ሸፈጥ ኢንተርነት የዋፍርዎም። እቲ ኣብ ሓያሎ ኾቑጣቲታት ሃገራት ደቡብ ኤሲያ ተደኮኑ ዘሎ መዓስከራት ገበን፡ ቅያር ናውቲ ኣካላት ከም ዝሸየጠሉ እውን ጸብጻባት የረድኡ። ቅድሚ ሐደት ኣዋርሕ ብዝተበላሸወ መጥባሕቲ ቅያር ኩሊት ሓደ ኬንያዊ መማቱ ምንጬታት ሓቢርም ነይሮም።

ብሰንኪ. ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ሚያንማር፡ ንምልእቲ ሃገር ክቈጻጸር ዝኽእል ዓቕሚ ምኽልኻል ብዘይምህላዉ፡ ኣብ በረኻታት ዝተደኮኑ መዓስከራት ገበን ካብ ኣፍሪቃ ጥራይ ዘይኮኑስ ካብ ሓያሎ ጎረባብቲ ሃገራት እውን ሰባት የሰግግሩ። ካብ ኔፓል፡ ህንዲ፡ ፊሊፒንስን ኢንዶነዥያን ኣብ ሚያንማር ናይ ስራሕ ዕድል ተረኺቡ እናበሉ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ምሩቓት ዩኒቨርስቲ ይውሕዙ።

ኣብዚ ቅንያት እዚ ኑቶም ጅሆ ተታሒዞም ዘለዉ. ገላዩ ናይ ምንጋፍ ማስርሕ ቀሊል ከም ዘይነበረ ዝገልጹ ምንጬታት፡ ገና ዘይትረኽቡ መዓስከራት እውን ኣብ በረኻታት ከም ዘለዉ. የረድኡ። ወተሃደራት ኑቶም ጅሆ ኣፍቲሖም ናብ ታይላንድ ምስ ኣእተውዎም፡ ኣብ ታይላንድ ናይ መግቢን መደቀስን ሓላፍነት ወሲዱ ዝቕበሎም ኣካል የለን። ኣብቲ ከባቢ. ዘለዋ ሃገራት ዜጋታተን ብቐልጡፍ ከልዕላ እኳ እንተኾኣላ፡ ብዘይ ረድኤት ካልኦት ሃገራት ዜጋታተን ክወስዳ ዘይክእላ ከም ዘለዋ እውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ስለዚ፡ እዞም ጅሆታት ምስ ተናገፉ ዝቕበሎም እንድሕር ዘየሎ፡ ኑቶም ተረፍም ዘለዉ. ዝጠዘሉ ሓራ ንምውጻእ ተሓሲቡ ዝነበረ መደባት ክተዓናቐፍ ይኽእል እዩ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንኣይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:25 | ደክመንታሪ |
| 15:10 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:40 | መደብ ህርመት |
| 16:35 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 20:00 | ዜና ትግሬ |
| 20:15 | መልሲ. ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ማእዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ፍኖት ሂወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊንቅል |

# ጸጋታት ባሕሪ

## ተሓዳሲ ጸዓት ገማግም ባሕሪ

እ/ር መዋእል ደበሳይ

ተሓዳሲ ጸዓት ኢልና እንጽውዖ፡ ካብ ተፈጥሮኣዊ ምንጪ ጸዓት - ማለት ከም ጸሓይ፡ ንፋስ፡ ማይ፡ መቐት ምድሪን ከምኡ'ውን ኣታኽልቲ ዝምንጩ ኮይኑ፡ ብዚይ ዝኾነ ሓገዘ ናይ ዘይተፈጥሮኣዊ ነገራት፡ ብቐጻልን ብዘይጸንቀቕ ትሕዝዮን፡ ከም ብሓደሽ እናተመልአ ዝኸይድ ጸዓት እዩ፡፡ ቴክኖሎጂ ተሓዳሲ ጸዓት ነዞም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ተፈጥሮኣዊ ምንጪ ጸዓት ብምምዝማዝ፡ ናብ ኤሌክትሪክን ዝተፈላለዩ ዓይነት ጉልበት ወይ ሓይልን ዝቕየሩ እዮም፡፡

**ስለምንታይ ተሓዳሲ ጸዓት?**

ሎሚ ዓለምና ኣብ ኤሌክትሪክ፡ መካይን፡ ኢንዱስትሪታት፡ ካልእን ዝውዕል ቀንዲ ምንጪ ጸዓት እትጥቀመሉ፡ ካብ ተሓዳሲ ጸዓት ናጻ ዝኾኑ ነገራት ከም ከሰል፡ ተፈጥሮኣዊ ነዳዲ ከምኡ'ውን ዘይቲ ዝወጽኡ'ኳ እንተኾኑ፡ ዓለምና ግን ውሱን ዕቑር ትሕዝቶ ናይዞም ዝጠቐስናዮም እዩ ዘለዋ፡፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ካብ'ቲ ተፈጥሮኣዊ ትሕዝቶኦም ዓቕርምም ዘሎ ንላዕሊ ስለ ንጥቀመሎም ዘለና፡ ድሕሪ ገለ እዋን ምጽንቃቖም ዘይተርፍ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ድሕነት ደቂ-ሰብ፡ ካብኦም ዝወጽኡ በከልቲ ጋዛትን ቀመማትን፡ ምስ ዝተፈላለዩ ምኽንያት ምውሳኽ ጠለብ ነዳዲን፡ ካብዞም ንተሓዳሲ ጸዓት ክንጥቀመሉም ዘተባብዑ እዮም፡፡ ኣብ'ዛ ዘለናያ ምድሪ ሓደ ካብዞም ኣሻቐልቲ ጉዳይ ኮይኑ ዘሎ ምውሳኽ ክሊማዊ ዋዒ፡ ምጽናዕትን ምንቁልቋልን ናይ ባሕሪ ሂወታውያን፡ ጥዕናዊ ጸገማት ኣብ ደቂ-ሰብን ካልእን፡ ተሓዳሲ ጸዓት ኣገዳስነቱን ጠለባቱን ካብ ዘርኸሉ እዮም፡፡ ኣብ መብዝሕትኡ ጽሑፋት እውን ብ 'ጽሩይ' ወይ 'ቀጠልያ' ጸዓት ዝብል መጸውዒ ይወሃቦ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ካብ ተሓዳሲ ጸዓት ዝኾነ በካሊ ጥረ ነገራት የብሉን፡፡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ብፍላይ ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት ጥቕምን ኣፍልጦን ተሓዳሲ ጸዓት እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ፡፡ ኣብ ገማግም ባሕርን ደሴታትን እውን ተጠቃምነቱ ጉሉሕ ክርአ ይኽእል፡፡ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ሃገርና ከምዝሕብርዎ፡ ሃገርና ዝተፈላለዩ ዕቑር ተኽእሎ ናይ ተሓዳሲ ጸዓት ብፍላይ ኣብ ጸሓያዊ ጸዓት፡ ንፋሳዊ ጸዓት፡ ጸሓያዊ ምንቃጽ ዝተፈላለዩ መጉብታት፡ ጂኦተርማላዊ ጸዓት፡ ምልኣተ-ባሕራዊ ጸዓትን ካልእን ዝኣመሰሉ ጸጋታት ከምዘለና ይገልጽ፡፡ እምበኣርከስ እዞም ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮም ጸጋታት ተሓዳሲ ጸዓት በቡሓደ ክንርእዮም፦

1. **ጸሓያዊ ጸዓት ኤሌክትሪክ፦** ብቐጥታ ይኹን ብዘይ ቀጥታ ጸሓይና ኩሉ ዘድልየና ጸዓት ትቕርበልና እያ፡፡ ከቡቢያዊ መቐት ናይ ጸሓይ 5600 ዲግሪ ሰንትግረይድ ኮይኑ፡ መቐት ናይ ኑቡሳ ድማ 15,000,000 ዲግሪ ሰንቲ ግረይድ ይበጽሕ፡፡ ስለ'ዚ ጸሓይ እኹል ታርፍ ጉልበት ክትህበና ትኽእል፡፡ ጸሓያዊ ጸዓት ኤሌክትሪክ ኣደናቒ ኣምር ኮይኑ፡ ንቲ ካብ ብርሃን ጸሓይ እንረኽቦ ጸዓት ናብ ብቐሊሉ ክንጥቀመሉ እንኽእል ኤሌክትሪክ ዝቕይር ቴክኖሎጂ እዩ፡፡ ቀጺልና ኩሉ ነቶም ቀንዲ ኣካላት ጸሓያዊ ጸዓት ኤሌክትሪክ ንርእዮም፡፡

=> **ጸሓያዊ ሰሌዳ** (solar panel)፡ እዚ ኣካል ልቢ ናይ ጸሓያዊ ጸዓት ኮይኑ፡ ብርሃን ጸሓይ ናብ ኤሌክትሪክ ዝቕይር እዩ፡፡ ኣብ ዝለዓለ ብርሃን ጸሓይ ዝርከበሉ ቦታ ዝለዓለ ኤሌክትሪክ ከመንጩ ይኽእል፡፡ ኣብ ማሰርሕ ምምጣም ጸሓያዊ ሰሌዳ ክልተ መንገድታት ኣለዉ፡፡ ኣከታተልካን ኣማዕዲኻን (series and parallel connection) ክእሰሩ ይኽእሉ፡፡

=> **ባትሪ** (battery)፡ ንቲ ኣቐዲምና ብመገዲ ጸሓያዊ ሰሌዳ ዝመንጨወ ኤሌክትሪክ ኣብ ባትሪ ከምዝኽዘን ይኽውን፡፡ ኣብ'ዚ ክስተውዕሉ ዘለና ዕምሪ ናይቲ ባትሪ፡ ብዚያዳ ኣብ ኣጠቓቕማና፡ ዓይነትን ትሕዝቶን ናይቲ ባትሪ እዩ ዝምርኮስ፡፡ ባትሪ'ውን ኣገባብ ኣተኣሳስራኡ እቶም ኣቐዲምና ኣብ መገድታት ምእሳር ጸሓያዊ ሰሌዳ ዝጠቐስናዮም ኢና ንጥቀም፡፡

=> **ተቖጻጻሪ** (controller)፡ እዚ ኣካል ንዋሕዚ ኤሌክትሪክ ናብ ባትሪ ዝኣቱን ዝወጽእን ዝቆጻጸር ኮይኑ ዚያዳ ንውሕስነትን ዕምርን ባትሪ ተባሂሉ ዝተማህዘ እዩ፡፡

=> **ቀያሪ** (inverter)፡ እቲ ብጸሓያዊ ብርሃን ዝመንጨወ ኤሌክትሪክ፡ ብልክዕ ከምቲ ካብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ዝመጽኣና ዋሕዚ ኤሌክትሪክ ቀይሩ ዝህበና ኣገዳሲ ኣካል እዩ፡፡

2. **ንፋሳዊ ጸዓት፦** ንፋስ ተሓዳሲ፡ ዘላቒ፡ ሰፊሕ ዝርገሐ ምስ ኣዝዩ ብርኩት ምንጪ ናይ ጸዓት ዘለዎ እዩ፡፡ ብቐንዱ ኣብ ምጉዳል በከልቲ ጋዛት፡ ውሕስ ኣማራጺ ኣብ ነዳዲ ዝተመርኩሰ ቀረብ ኤሌክትሪክ ኮይኑ የገልግል ኣሎ፡፡ ቴክኖሎጂ ንፋሳዊ ጸዓት ካብ ንፋስ ዝተረኽበ ጸዓት ናብ ኤሌክትሪክ ዝቕይር ኮይኑ፡ ዝተፈላለዩ ኣካላት የጠቓልል፡፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ገማግም ባሕርና ኣብ'ዚ ቴክኖሎጂ ፈተነታት ተኻይዱ ከምዝዘበረ መጽናዕታት ይሕብሩ፡፡

3. **ምልኣተ-ባሕራዊ ጸዓት** (tidal energy)፦ ምልኣት ባሕሪ ብልምዳዊ ኣጸዋውዓ ባሕሪ ገይሹ ወይ መሊኡ እንብሎ ኮይኑ ኣብ ሞንጎ ወርሒ፡ ጸሓይን፡ ምድሪን ብዘሎ ምትእስሳር ዝፍጠር እዩ፡፡ ኣብ መዓልቲ ክልተ ግዜ ምልኣትን ምጋሽን ናይ ባሕሪ ኣለና፡፡ ኣሰራርሓኡ ድማ፡ ባሕሪ ኣብ ዝመልኣሉን ዝገሽሉን እዋናት፡ ብማእከል ሰብ ዝሰርሖ ጸቢብ ዲጋ ኣብ ሞንጎ ቀዛፊ መመንጨዊ ኤሌክትሪክ ዝተገጥመ ብምሕላፍ፡ ኤሌክትሪክ ከነመንጩ ንኽእል፡፡ እዚ ዓይነት ጸዓት ስሩዕን ብቐሊሉ ዝግመት ዋሕዚ ማይ ዘለዎ፡ ምስ ምቅይያር ክሊማ፡ ዋሕዚ ዝናብን ዘይጽሎ ብምኳኑ ወጽኢታዊ ይገብሮ፡፡ ኣብ ቴክኖሎጂ ምልኣት ባሕሪ እንጥቀመሉ ቀዛፊ ኣብ ዓበይቲ ሩባታት፡ መዳበሮታትን ብርቱዕ ናይ ማዕበል ዋሕዚ ዘለዎ ቦታን ብምትካል ኣብ ግብሪ ይውዕል፡፡ እዚ ዓይነት ቴክኖሎጂ ገይና ኣብ መጽናዕቲ ዘሎ ኮይኑ ብኣባላት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ'ውን መጽናዕትን ዳህሳስን ይግበር ኣሎ፡፡

4. **ጂኦተርማላዊ ጸዓት** (Geothermal energy)፦ እዛ ዘለናያ ምድሪ ትሕቲ ምድራዊ መቐታ ክሳብ 5000 ዲግሪ ሰንቲግረይድ ይበጽሕ፡፡ በዚ ረስኒ ዝፍጠር ዋዒ፡ ናይ ትሕቲ ባይታዊ ማይ ናብ ሃፋ ይቕየር፡ እቲ ዝተፈጥረ ሃፋ ኤሌክትሪክ ድማ ንምምንጫው ክውዕሎ ንኽእል (ምስ ኣብ ሃገርና ዘለዋ ናይ ሃፋ ባቡር ዝመሳሰል ቴክኖሎጂ እዩ)፡፡ መጽናዕትታት ከምዝሕብርዎ ዕቑር ዓቕሚ ጂኦተርማላዊ ጸዓት ምድርና 50,000 ዕጽፊ ካብ ነዳዲ እንረኽቦ ክበጽሕ ይኽእል፡፡ ኣገባብ ኣሰራርሓኡ እቲ ብርቱዕ ዋዒ ዝተፈጥረ ሃፋ ናይ ማይ፡ ብሞተር ተጨማንጊዑ ብዙብታት ገይሩ ናብ ሓደ ብሃፋ ዝዘውር ሞተር ይበጽሕ እሞ ኤሌክትሪክ የመንጩ፡፡ እቲ ሃፋ ማይ ስርሑ ምስ ወድአ፡ ተመሊሱ ናብቲ ተፈጥሮኣዊ ትሕቲ ምድራዊ መኽዘን ማይ ይምለስ፡ ብኸምዚ ድማ ማሰርሕ ዑደት ተሓዳሲ ጸዓት ይፍጸም፡፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ገማግም ባሕሪ ሃገርና ዕቑር ዓቕሚ ናይ ጂኦተርማላዊ ጸዓት ከምዘሎ መጽናዕታት ይሕብሩ፡፡

5. **ጸሓያዊ መንቀጺ መግቢ፦** ከም ሃገርና ዝኣመሰለ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት መግቢ ንምኽሻን ዘድሊ ትሕዝቶ ጸዓት ውሱን ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ዕንጨይቲ ሓደ ካብቶም መሰረታውያን ጥረ ነገራት ምንጪ ነዳዲ ኮይኑ ንዘመናት የገልግል ኣሎ፡፡ ስለ'ዚ ድማ ምብራስ ኣግራብ ዘኸትሎ ከቢድ ኣከባብያዊ ዕንወትን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ ዋጋን ንኽትረኽቦ ኣጺጋሚ ይገብሮ፡፡ ብፍላይ ኣብ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ሃገርና፡ ምእራይ ዕንጨይቲ ንመዓልታዊ ንጥፈታት፡ ብደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ስለዝግበር፡ ርእሱ ዝኸኣለ ተጽዕኖ ኣብ መነባብሮ ይፈጥር ከምዘሎ መጽናዕትታት ይሕብሩ፡፡ ተወሳኺ፡ ካብ ነዳድ ዕንጨይቲ ዝወጽእ ትኪ፡ ኣብ ጥዕና ወዲ ሰብ ዘኸትሎ ጉድኣት ሓደገኛ እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ ወሸጢ ገዛ ዝግበሩ ንጥፈታት ሓዊ፡ ሳዕቤኑ ከምዝውሰኽ ክንርድእ ንኽእል፡፡ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ከም ኣካል ልምዓታዊ ንጥፈታቱ፡ ብጸሓያዊ ረስኒ ተጠቒምካ፡ ዝተፈላለዩ መግብታት ንምኽሻንን ምድራቕን ዘኽእሉ ንጥፈታትን ቴክኖሎጂታትን የተግብር ኣሎ፡፡ እዚ ዓይነት ቴክኖሎጂ ነቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ሳዕቤናትን ተኽእሎ ተጠቃምነትን ዕንጨይቲ፡ ፍታሕ ዘምጽእ ዓይነት ቴክኖሎጂ ኮይኑ፡ ኣብ ኣሰራርሓኡ ዝተፈላለየ ከምኡ ድማ ብዚይ ጸገም ተጠቃሚ፡ ብቐሊሉ'ውን ኣብ ገዛ ብምስናዕ ክጥቀመሉ ዘኽእል እዩ፡፡ ፍሉይነት ናይ'ዚ ቴክኖሎጂ፡ ኣብ መታሕት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ከበሳታት ከይተረፈ ዝተፈላለዩ ዓይነት መግብታት ከነንቅጸሉ ንኽእል፡፡ ኣገዳስነት ናይ'ዚ ቴክኖሎጂ ብዙሕ'ኳ እንተኾነ ወሓድ ንምጥቃስ፡ ኣብ ርሑቕ ከበባታት ሃገርና ዓሳ ብጥልሉ ክበጽሕ ኣጸጋሚ ምስ ዝኸውን፡ ብቴክኖሎጂ ጸሓያዊ መንቀጺ ዓሳ ኣድሪቕካ፡ ጥሒንካ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቀስ ይኽእል፡፡ ከምኡ'ውን ተቐማጦ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ዓሳ ገፊሖም ግቡእ መዐቀብን መዛሓሓልን ምስ ዘይረኽቡ፡ ጸሓያዊ መንቀጺ ዓሳ ተጠቒሞም ብምድራቕ፡ ትሕዝቶኡ ከይጎደለ ንነዊሕ እዋን ክጸንሕ ይኽእል፡፡ ቴክኖሎጂ ጸሓያዊ መንቀጺ ዓሳ ንዘበዝሑ ኣብ ጸዓት ምኽሻን መግብን መዐቀብን ዘሎ ሕጽረታት ዘፉኹሱ፡ ኣብ ትሕዝቶ ነድርቖ ዘለና ዓሳ ድማ ዝኾነ ምጉዳልን ሳዕቤንን ዘይብሉ ምዃኑ፡ ካብ ወጽኢት መጽናዕቲ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ክንርድእ ንኽእል፡፡ ኣብ መደምደምታ፡ ተሓዳሲ ጸዓት ገማግም ባሕሪ ብልጫኡ ኣዝዩ ዓቢ፡ ምስ ዘለና ዕቑር ጸጋታት፡ ቴክኖሎጂ ተሓዳሲ ጸዓት ብቐሊሉ ክንጥቀመሉ ከም ንኽእል ንርድእ፡፡



ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝተተኽለ ቴክኖሎጂ ጸሓያዊ መንቀጺ ዓሳ



ቴክኖሎጂ ምልኣት ባሕሪ



ቴክኖሎጂ ንፋሳዊ ጸዓት



ቴክኖሎጂ ጸሓያዊ ጸዓት ኤሌክትሪክ

**ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ – ሳምራዊት መለስ

ካብ መዋቲ ኣፍ/ኣቦይ ዑቕባዝጊሄል ተወልደ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ኣብ ምም/ ዞባ ማእከል ኣስመራ ቴራቮሎ ዞባ 4 ምም ጎደና ኣዲስ ኣበባ ነበር ዝርከብ፡ ብዓማሽን ኣብይቲ ዋንነት ደብተር ቁጽሪ 121830 መወከሲ ቁጽሪ 117496 ብሽም ኣቦና ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ግዝ ቀንዲ (ኦርጂናል) ዋንነት ደብተር (ሊብረቶ) ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ስለ ዝጠፍኣና፡ ረኺብዎ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ኣሎኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07113667 ክሕብረና፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታኡ ክወሃበና ምዃኑ ንሕብር።

ኣፍ/ኣቦይ ዑቕባዝጊሄል ተወልደ

---

ኑ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ከባቢ ሓርነት ፕሎት 81 ፓርሰል AዚፕE ኮድ 1A171 ጎደና 172-9 ቁጽሪ ገዛ 2 ሽላ መዓላ ህንጻ መንበሪ ብቐንዲ ክፍልታት 3 ክፍልታት 2 ዝቖመ ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት ASD00025083 ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM019359/0 ብዕለት 03/02/2025 ዓ.ም ብሽም ዓለውያ ሓሴን ዓሊ+4 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ንኣቶ/ሮቤል ተኪኤ ተስፋጋብር ስለዝሸጥናሉ'ሞ ናይ ስም ምትሕልላፍ መስርሕ ክንፍጽም ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማኣከልን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሕጋዊ ወኪል ኣስገደ ጉብረኣምላኽ ሃይለ

---

ኣነ ዓዳጋይ፡ ፍረዝጊ መሓሪ ቴድሮስ ዝተበሃልኩ፡ ምስ ሸያጢ ኣቶ ዓብዱ ዒሊ በኺት መሓመድ ኣብ መንግስቲ ብዝበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ መሸጣ፡ ኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 01 ፕሎት 53 ፓርሰል Pop 53 ዚፕ ኮድ 6K -1374 ጉደና 355 ብመለለዩ ቁ.ንብረት 6BRKRN000653/2 ዝተመዝገበ ገዛ ንትካል ዘገልግል፡ ስፍሓቱ 4X4 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝዓደግክዎ፡ ብመሸጣ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ፍረዝጊ መሓሪ ቴድሮስ

---

ኣነ ዓዳጋይ፡ ክፍለማርያም ኣርኣያም ተድላ ዝተበሃልኩ፡ ምስ ሸየጥቲ 1 ኣቶ ሓገስ ብደሆ ሓገስ፡ 2 ወ/ሮ ትምኒት ኣብርሃም ኣምሓራይ ኣብ መንግስቲ ብዝገበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ መሸጣ፡ ኑ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 04 ፕሎት 69 ብንብረት ቁ.መዝገብ 63969 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ 15X12 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝገዛእክዎ፡ ብዕድጊ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሐት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር።

ክፍለማርያም ኣርኣያም ተድላ

---

ኣነ ሃብተገርግሽ መስመር ጉብረማርያም፡ ኣብ ከተማ ከረን ምቕማጠይ፡ ኣብ ከረን ዘሎኒ ገዛ ኣብ ከባቢ 04 ዞን 7 ዚፕ ኮድ 6K-1954 ፕሎት 95 ፓርሰል pop 95 ጎደና 578 ዝርከብ 4+ መደቀሲ ሓደ ሳሎን ሓደ መኻዚኖ ሓደ ክሽነ 2+ ዓይኒ ምድሪ ዘለዎ ገዛይ፡ ንጓለይ ፍርቱና ሃብተገርግሽ መስመር ብህያብ ይሃብ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ኣብ ቤት ጽ/ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ስመይ ናብ ስማ ክቕይሮ ምዃነይ የፍልጥ።

ሃብተገርግሽ መስመር ጉብረማርያም

---

ኣቶ ኣሌክሳንደር ግርማይ ዘርኣይ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ኤራፍልወንት ቤት ትምህርቲ ቋንቋ" (ERI-FLUENT LANGUAGE SCHOOL) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለ ዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከይሃለወ ተቐጺሉ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሳኒጣዊ ንግዲ

---

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that "**KISANET DISTRIBUTION OF LPG GAS AND FIRE EXTINGUISHERS Private Limited Company**" has been formed among the following members.

A) Shareholders

| S/N | FULL NAME | NATIONALITY | ADDRESS | NO. OF SHARES | VALUE OF SHARES |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | Mr. Mohamed Negash Mohamednur | Eritrean | Asmara | 25 | 25,000 |
| 2 | Mr. Michael Zeru Yimesgen | Eritrean | Asmara | 250 | 250,000 |
| 3 | Mrs. Akberet Desta Mishgina | Eritrean | Asmara | 25 | 25,000 |
| | Total | | | 300 | 300,000 |

B) The head office of the company will be in Asmara and branch offices may be opened anywhere within and outside Eritrea.

C) The total fully paid up capital of the company is Nakfa three hundred thousand (300,000.00) divided in to three hundred (300) shares of par value of Nakfa one thousand (1,000.00) each.

D) The business purposes of the company shall be:

- To engage in the distribution of LPG gas
- To engage in the refilling and distribution of fire extinguishers
- To engage in the business of general trade
- To engage in the business of import/export, commission agent or representation of manufacturer and traders, brokerage, wholesale, and retail of related activities.

Generally to carry out any other activities related to its objectives and purposes or any profession or services connected with or ancillary to the general business of the company.

E) Mr. Michael Zeru is appointed as the general manager for unlimited period of time.

F) The period for which the company is established is unlimited.

**KISANET DISTRIBUTION OF LPG GAS AND FIRE EXTINGUISHERS PLCo**

ቅሳነት ምክፍፋል ጋዝን መጥፍኢ ሓዊን ሓዝብማ

---

## Notice

Notice is hereby given to the public the Eritrea Biscuit and Grissini PLC in their extraordinary meeting, conducted on 10th February 2025, have passed the following resolution. According to judgment of Community Court of Geza Banda that has been rendered on 24/01/2020 under file No. 263/19 the 180 shares of the late Demekesh Welderufael Gebreamlak are devolved to her 7 heirs at law as follows.

| No. | Name of the members | Previous Shares | Current Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|---|
| 1 | Mr. Tesfamichael Gebremariam | 180 | 180 | 180,000 |
| 2 | Mr. Tsegay Brhane Kahsay | 180 | 180 | 180,000 |
| 3 | Mrs. Zewdi Mehari Tekle | 180 | 180 | 180,000 |
| 4 | Natsenet Yohannes Gebremariam | | 26 | 26,000 |
| 5 | Amanuel Yohannes Gebremariam | | 26 | 26,000 |
| 6 | Habtab Yohannes Gebremariam | | 26 | 26,000 |
| 7 | Abraham Yohannes Gebremariam | | 26 | 26,000 |
| 8 | Sara Yohannes Gebremariam | | 26 | 26,000 |
| 9 | Hermon Yohannes Gebremariam | | 25 | 25,000 |
| 10 | Hosana Yohannes Gebremariam | | 25 | 25,000 |
| | | | 720 | 720,000 |

Eritrea Biscuit and Grissini PLC

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሰናይት ታረቐ ተሰፋልደት፡ ብዓል ቤተይ ማእከለ ርእሶም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ32 ይቕረብ።

ኣቶ ብርሃ ዘርእማርያም መረሰዕ፡ ወ/ሮ ምስጋና በየነ ጉብረኽንስቱ ጓልና ሳሮን ብርሃ ዘርእማርያም ስለ ዝተሰወኣት፡ ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ32 ይቕረብ።

ከሳሲ. ኣቶ ዞርያስ ይሕደጎ እልፋይ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሳባ ሃብተጽዮን ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልኪ. ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/47 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየልኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣቶ ልኡል ሃይለስላሴ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣበባ ብርሃ ተስፉ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፊረድ ጉብረሚካኤል መኮንን ምግል ተሪፉ፡ ወረደ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት የሃና ሳሚኤል ወልገርግሽ፡ ተኸሳሲ. በረኸት ተወልደ ባህታ፡ ናይ ሰበል ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ፊልከት ቁ.ገዛ 28 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00019151 ናይ ቤት ቁርሲ. ትካል ናይ ወ/ሮ ርሻን ጉብረማርያም ዘረሃን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ጎደና 831-1 ቁ.ገዛ 4 ብውህብቶ ስለዝዘበትኒ፡ ብስም ወዘበ. ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሊ. ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ኣሎ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ውህብቶ ተረኪበ ከምዝመሓላለፍ የፍልጥ።

ዘውዲ ኣብርሃ ጉብረመድህን

---

ኣነ ዓዲጋይ ያሲን መሓመድ ሳልሕ ዝተበሃልኩ፡ ምስ ሸየጥቲ 1. ኣቶ ዓብዱ ሰዒድ ዓሊ. 2. ወ/ሮ ኣምና ያሲን ዓሊ፡ ኣብ መንጎና ብዘዘበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ መሸጣ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከበ. 05 ዚ.ፕ ኮድ 6K-1199 ፕሎት/ ብሎክ 25 ፓርሰል K ብመለለዩ ቁ.ንብረት 6BRKRN000877 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ 300 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ ዝዓደግኩዎ፡ ብመሸጣ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ. ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ያሲን መሓመድ ሳልሕ

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ምም/ ከበ. 03 ዞን 2 ቁ ምዝገባ 62965 ፕሎት 158 ፓርሰል 35 ብቑጽሪ ንብረት 103537 ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜ ቀንዲ ክፍሊ. 2 ተሓጋገዚ. 4 ተራ ገዛ ብስም ኣቶ ሳልሕ ኢድሪስ መሓመድን ወ/ሮ ተካ ዓሊ.ኖር መሓመድን ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ፡ ሕጊ. ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለኒ. ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ከውድእ ምዃነይ እሕብር።

ሰምሰም ዑቕባሚካኤል ጉብረመድህን

---

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እንፈትዋን እነፍቅራን ክብርቲ ወላዲትና ኣዴና ወ/ሮ ለተብርሃን ተኽሉ ስቡሓት፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ጉዳም እንዳና ኣቡነ ኣብራንዮስ ደብረ ጥሉል ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን፡ ቤተ ሰብን ፈተውትን ብምምስጋን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ደቃን ወ/ሮ ኣዜብ ጉብረስላሴ ምስ ወደን ኣቶ ኣማኑኤል ጉብረስላሴ ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

---

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ጽጋይ ተኽለጊዮርጊሽ ጊላማርያም፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ሃዘጋ ብምኻድ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራቤት

---

ኣመልካቲ. ኣብርሃምጽዮን ክንፈ. ሃብተጽዮን+4 ዝተበሃልና፡ ወረስቲ ኑፍ/ር ክንፈ. ሃብተጽዮንን ኑፍ/ር ርሻን ተኽለ ወልደስላሴን ዝኾንና፡ ብስም ወለድና ኑፍ/ር ክንፈ. ሃብተጽዮንን ኑፍ/ር ርሻን ተኽለ ወልደስላሴን ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምም/ 09 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ. ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 112244 መ/ቁ 134454 ዋንነት ዝተዋህቦ ገዛ ውርሲ.ን ምቅሊ.ትን ናብ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት፡ ሕጊ. ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) መኣገዲ ወረቐት ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስምና ምትሕልላፍ መስርሕ ክም እንፍጽም ንሕብር።

ኣብርሃምጽዮን ክንፈ. ሃብተጽዮን +4

---

### ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዓመታዊ ውዕል ሰርቪስ (ምጽጋን) ፎቶ ኮፕየራት፡ ፕሪንተራት፡ ኮምፕዩተራትን ፋክስትን ክኣቱ ስለ ዝደለየ፣ ብቑዓትን ሕጋውያንን ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፡

1. ተጫረትቲ፡ ዋጋታት ናይ ኣብ ላዕሊ. ዝተጠቕሰ ዓይነታት ጽገና፡ ብዕሹግ ደብዳብ ከቕርቡ ይዕደሙ።
2. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ፡ ቅዳሕ ታሴራ ከምኡ'ውን ቅዳሕ ዓመታዊ ግብሪ ዝኸፈሉሉ ሰነድ (Clearance) ናይ 2023 የቕርቡ።
3. ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ገንዘብ ናቕፋ 50.00 ብምኽፋል ካብ ማ/ቤ/ጽ/ሚኒ/ቱሪዝም ክወስዱ ይኽእሉ።
4. መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ ብሲፒኦ (CPO) ከትሕዙ ይግባእ።
5. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10፡ 00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሳንዱቕ ጨረታ ይኽፈት።
6. ጨረታ፡ ብመምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
7. ሚኒስትሪ ቱሪዝም ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒስትሪ ቱሪዝም

---

## Notice

Notice is hereby given to the public that **AWRA CLEARING AND FORWARDING *PRIVATE LIMTED COMPANY*** is formed among the following members:

| **1. Name** | **Nationality** | **Address** | **Shares** |
|---|---|---|---|
| **1. Rut Goytom Teklehaymanot** | **Eritrean** | **Asmara** | **50** |
| **2. Luchiya Abraha Mosa** | **Eritrean** | **Asmara** | **50** |
| | | | **100** |

**2**. The head office of the company shall be in Northern Red Sea Massawa, Eritrea. The Company may open branch offices whenever and wherever necessary.

**3**. The company has a share capital of NAKFA 200,000.00 (Two hundred thousand Nakfa) divided into 100 (One hundred) registered shares of par value of NAKFA 2,000 (Two thousand Nakfa) each all subscribed and fully paid up by the member's in cash.

**4**. The objectives of the company are to engage in:

1. Clearing and forwarding,
2. Commission Agent,
3. General Trading,
4. Import export,
5. Travel Agent and tour services, and
6. Facilitation services,

**5. Mrs. Rut Goytom Teklehaymanot** is appointed as a manager for unlimited period of time.

**6.** The company is established for unlimited period of time.

**AWRA CLEARING AND FORWARDING PLC**

# መዘናዒ

ሃብተሚካኤል ዑቕባስላሴ

## ናይጀርያዊ ኣንባቢ

ሳምሶን ኣጃኑ ክብረወሰን ዓለም ዝሰበረ ናይጀርያዊ ኣንባቢ እዩ። ወዲ 27 ዓመት ናይጀርያዊ ሳምሶን ኣጃኑ ኣብ 2024 ዓው ኢሉ ብምንባብ ዝወሓለ ናይ ማራቶን ክብረወሰን ዓለም ብምምዝጋብ ታሪኻዊ ምዕራፍ ኣመዝጊቡ። እዚ ዘደንቕ ቅያኡ ን215 ሰዓታት ዝወሰደ ኮይኑ፡ ንትሽዓተ መዓልታት ብዘይ ምቍራጽ እዩ ኣንቢቡ። ኑቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ 2022 ብሪስባይ ኢሳኮቭ ካብ ከርጊስታን ዝተመዝገበ ክብረወሰን 124 ሰዓታት ሰይሩዎ። በዚ ድማ ኣጃኦ ስሙ ኣብ ታሪኽ ናይጀርያ ፍሉይ ክብሪ ሒዙ ኣሎ። ንሱ ሰባት ናይ ምንባብ ፍቕሪ ከሕድሩ እዩ ዝጽሕፍ። ንኣጃኦ ምንባብ ካብ መዘናግዒ ንላዕሊ እዩ ነይሩ። እቲ ምንታይ ንባብ ንለውጢ ዝኾውን መሳርሒ እዩ። ንሱ፡ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ ምምዕባል ሕብረተሰብ ወሳኒ ተራ ከም ዘለዎ'ዩ ዝኣምን። ብፍላይ ድማ ኣፍሪቃውያን ናይ ምንባብ ልምዲ ከማዕብሉ የተባብዕ።




"ትምህርቲ መሳርሒ ውልቃውን ማሕበራውን ዕቤት'ዩ" - ክብል ኣረጋጊጹ። ካልኦት ናይ ምንባብ ባህሊ ንኽወስዱን ዓቕሚ ደቂ ሰብ ደረት ከምዘይብሉ ከምዝዘበን የርኣየ። ኣጃኦ ብ215 ሰዓታት ክብረወሰን ካብ ምስባር ንላዕሊ፡ እዚ ዓወቱ ኣገዳሲት ትምህርቲ ምጽሓፍን ምንባብን ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ዘለዎ ተራን ዘጉልሕ እዩ። እዚ ቅያ'ዚ ኑቲ ኣፍሪቃውያን ኣብ ንባብን ትምህርታዊ ስራሕን ኣይዋረፉን እዮም ዝብል መረዳእታ ዝሰዓረ እዩ። ብተወሳኺ፡ ናይጀርያውያን ኣብ መድረኽ ዓለም ክበልጹ ከም ዝኽእሉ መርትዖ ኮይኑ'ዩ። መንእሰያት ዓበይቲ ኩሓልሙን ኣብ ዓለማዊ ጽልዋ ናይ ምፍጣር ዓቕሞም ክኣምኑን እውን የተቓቕሕ።

ኣጃኑ ከዮ ክብረወሰን ዓለም፡ ዓወቱ ካልኦት ኣብ ገዛእ ርእሶም ወፍሪ ንኽገብሩ መተቓቕሒ ኮይኑ ይርአ። መንእሰያት ካብ ኣፍንጫኦም ኣርሒቖም ክሓስቡ፥ ትምኒቶም ብዘማሪ ክሰርሑ፥ ኣብ ሕብረተሰቦም ድማ ምጽሓፍን ምንባብን ከሐዩሉ የተባብዕ። ንባብ ርእሰኻ ንምምሕያሽ፡ ጸጋምት ንምፍታሕን ንህንጻት ሃገርን ዝኸውን ኣፍደገ ምዃኑ ከኣ ይገልጽ። "ኣነ ክሓልሞን ክበጽሖን እንተኽኢለ ካልኦት'ውን ከምኡ ክኸውን ይኽእሉ እዮም" ክብል ከኣ እምነቱ ይገልጽ።

ስለዚ፡ ብፍላይ መንእሰያት፡ ዕውታትን ተወዳደርትን ክኾኑ፡ ዝረኽብዎ ፍልጠት ብቐጻሊ ምንባብ እናሓደሰና ፍልጠት ክነድልብ ይግባእ። ከምኡ ምስ እንገብር ከኣ፡ ምስ'ዚ ቅልጡፍ ምዕባለ ዓለም እናሰጎምና ክንከይድ ንኽእል። ንዝረኽብናዮ ትርፊ ግዜ፡ ጠቓሚ ኣብ ዝኾነ ነገር ነውዕሎ። ቁም-ነገር ኣብ ዝወሃዶ፡ ኣብ በሰላን ለኸየትን ምሕላፉ ግን ፋይዳ የብሉን። ትርፊ ግዜ ኣብ ግቡእ መዓላ እንተወዒሉ፡ ንምንባብ ጥራሕ ዘይኮነ መጽሓፍ ምጽሓፍ'ውን ዘኣክል እዩ። ስለዚ፡ ሓፈሻዊ ኣፍልጦና ኣብ ፖለቲካ፡ ቁጠባ፡ ባህሊ ንምዕባይ፡ ከምኡ'ውን ኩነታት ዓለምና ንምክትታልን ምስ ግዜ ንምጉዓዝን ብቐጻሊ ክነንብብ የድሊ።

## ዝምድና ንምድልዳል

ምስ ብጾልቲ ቤትካ ዘለካ ዝምድና ንምድልዳል ካብ ዝሕግዙ ሜላታት

• ኩሉ ግዜ ገዛ ክትኣቱ እንከለኻ፥ ሓቚፍካ ኣብዑ። ቃላትካን ግብርኻን ኣሳጽዮም፡ ከምእተፍቅራ ክትነግራ ጸኒሕካ



ተገምጢልካ ሸለል ኣይትብሎ፡ ብዙሓ ውዕሊታ ድማ፡ ውሳናት ሕቶታት ኣቕርበሉ።

• ክትዛረብ እንከላ ኣደህቦኻ ኣሃባን ዝኣክል ግዜ ፈሊኻ ስምዓያ።

• ኣብ ግዜ ድኻማ ሓገዝ ለግሰላ፡ ንጓለንስተይቲ'ዩ ዝምልከት ኢልካ ንኹሉ ስራሓት ሸለል ኣይትበሎ። እቲ ኣብ ገዛ ዘሎ ንጥፈታት ንኽልተኹም ማዕረ'ዩ ዝበጽሓኩም።

• ክውንነታዊ ትጽቢት ምህላው፡ እዚ ማለት ብዙሓ ዝምድናን ፍቕርን ክውንነታዊ ትጽቢት ይሃልኻ።


ክውንነት ወጽኢት ናይ ብዙሕ ሃገር ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብሓፈሻ ግን ክውንነት ዝብዝሓ ወጽኢት ናይ ሓሳባት እዩ። ብዙሓ ዘድለየካ ጥራይ ብምሕሳብ ኑቲ ዝደለየካ ኣሂፈርካ ከኣ ብምለእ ልበኻ ምስዩብ። ስለዚ እቲ ንሽኻ ኣብ ፍቕራዊ ህይወትካ እትደልዮ እምበር ንሽኻ ብዙሓ ዘይትደልዮ ክትሓስብ መሪት እንተዓረብ ፋይዳ የብሉን። እቲ ምንታይ ክውንነት ወጽኢት ናይቲ ሓሳባትካ ወይ ናይ ወናኻ ስለ ዘኾነ፡ ክውንነት እቲ ዝሓሰብናዮ ናብ ግብሪ ምቕያር እዩ። ሽዑ ከኣ ኢና ክውንነት ንብሎ።

• ምኽባር ይሃልኻ፡ ኣብ ዝምድና እቲ ኣገዳሲ ረቛሒ ምኽባር እዩ። ሰላም ዝሰፈነ ናብራ፡ ኣብ ምኽባር ሓድሕድ ዝተሰረተ ዝምድና እዩ ዝውሰኖ።

• ግሉጽነት ምህላው፡ ብዙሓ ኩሉ ነገር ብፍላይ ድማ፡ ብዙሓ እቲ ዝኸድእ ነገራት ብጋልጺ ምዝርራብ፡ እቲ ኣብ ፍቕራዊ ህይወት ምስ መጻምድትና ብጸቡቕ ክቀራረበናን ክረዳድኣናን ዝኽእል ጥቡብ ግሉጽነት ምስ እንማዕብል እዩ። ሓቀኛ ምስልና ኑቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ሓሳባት ብጋልጺ ክንዛራረበሉ ምኽኣል። ግሉጽነት ኣብ ፍቕራዊ ህይወትና ዓቢ ተራ ኣለዎ።

• ግብራዊ ሰብ ምዃን - ጥዑይ ዝምድና ክህሉ እንተደኣ ኮይኑ፡ ክልቲኦም ሰብኣይን ሰበይትን ክጥዕዩ ኣለዎም። እዚ ምስ ትገብር ንሰኻን መጻምድትኻን ብዘይተጸበኻዮ መገዲ ክትዓብዩን ክትቕየሩን ኢኹም።

## ሲልያክ



ሕማም ሲልያክ (Celiac disease) ናይ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ጸገም ኮይኑ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ምስ ምትእስሳር ግሉተን ዝተባህለ ኣብ ኣእካል ዝርከብ ጥኢታ ተተሓሒዙ ይመጽእ። እዚ ጥኢታ'ዚ፡ ናብ ኣካላት ድሕሪ ምእታው፡ ምስ ስርዓት ምክልኻል ኣካላት ምትሕውዋስ ይፈጥር'ሞ፡ ኣብ መዓናጡ ድማ፡ ዕንወት ይገብር። እዚ ሕማም ብዙሓፍቶት ናይ ግሉተን እውን ዝፍለጥ ኮይኑ 1 ካብ 100 ሰባት በዚ ሕማም ይጥቃዕ። እዚ ሕማም፡ ካብ ቀሊል ናብ ብርቱዕ እናበለ ዝፈላለ ብዙይ ምልክት'ውን ዘኽስት ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ሕሙማት ኣብ መዓናጡ ዕንወት ዘስዕብ እዩ። ሕማም ሲልያክ ኣብ ገለ ግዜ ብሕማም ነድሪ ሻምብቆታት ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ ክምርመር ይክኣል። ገለ ካብዮም ምልክታትን ስምዒታትን ድማ፡ ወጽኣት፡ ቃንዛ ከብዲ ካልእን እዮም። ሲልያክ ኣብ ኣብ ቆርበት'ውን ምልክታት ኣለዎ፡ ንኣብነት ሰሓ፡ ምቅርራፍ ቆርበት፡ ቁስሊ፡ ዘቃጽል ሰሓ ኣብ ኩርናዕ ኢድ፡ ብርኪ፡ ሽንፍ፡ መቐመጫን ሕቖን። እዚ ምልክታት'ዚ፡ ብፍላይ ኣብ ቈልዑ ዝርኣ ኮይኑ፡ ኣብ ዓበይትን መንእሰያትን'ውን ይኸስት እዩ። እዚ ሕማም'ዚ ባዕሉ ዝጠፍእን ትሕዝቶ ግሉተን ዘይብሎም መግብታት ምስ እንወሰድ ዘቋርጽን እዩ። ገለ ካብዮም ግሉተን ዘለዎም መግብታት ወጽኢት ስርናይ፡ ኮይኑ፡ ፓስታ፡ ዶልሺ ካልኦትን እዮም። ሕማም ሲልያክ ንውሽጢ ቀጢን መዓንጣ ብምዕናው መዓናጡ ንኣኽዩስ ዝተባህለ ኣብ ጸብ ዝርከብ ሽኮራዊ ጥኢታ ከሕቅቕ ከም ዘይክእል ይገብር፡ እዚ ግን ንነውሕ ዝበለ እዋን ትሕዝቶ ግሉተን ዘይብሉ መግብታት ምስ እንወስድ፡ ባዕሉ ቀስ እናበለ ክፍወስ ይክኣል፡ በዚ ሕማም ዝተጠቕዑ ሰባት ትሕዝቶ ላክቶስ ዘለዎም መግብታት ከም ጸብ ክወስዱን ካብ ትሕዝቶ ግሉተን ክሕረሙን የድሊ።

ሽሕ'ኳ እቲ ጠንቂ ፍሉጥ እንተዘይኮነ፡ እዞም ዝስዕቡ ዓይነት ሰባት ግን ብሕማም ሲልያክ ብቐሊሉ ክጥቅዑ ተኽእሎ ኣሎ። ካብ ሕማም ሲልያክ ዘለዎም ወለዲ ዝውለድ ህጻን፡ ዕድሚኡ 3 ወርሒ ዘይኣኸለ ህጻን ግሉተን ዘለዎም መግብታት ምስ ዝወስድ፡ ከምኡ'ውን ንጽቕጢ ዘለዎም ሰባት ወዘተ እዮም።




## ጥቕስታት ሰሓቕ

- "ሰሓቕ ምስ ዝውሕድ ብኡ መጠን ዓወት ይውሕድ" - **ኣንድሪው ካርነ**
- "ሰሓቕ ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ዘሎ እቲ ዝቐረበ ርሕቀት እዩ" - **ቪክቶር ቮርገ**
- "ጸቡቕ ሰሓቕ ካብ ኩሉ ነገር ንላዕሊ ንጸገማት ይሰዕርን ንጸለም ደብና ይብትንን"- **ላውራ ኢንጋልስ ዋይልደር**
- "ሰሓቕ ዘይብላ መዓልቲ እታ ካብ ኩለን መዓልታት ዚያዳ ዝጠፍኣት እያ"- **ኢ.ኢ. ካሚንግስ**
- "ሰሓቕ፡ እቲ ዝሓሰረ መድሃኒት እዩ"- **ሎርድ ባይሮን**
- "ዘይሰሕቕ ሰብ ኣይኣምኖን እየ"- **ማያ ኣንጀሎው**
- "ኣብ ደቂሰብ ሓደ ወጽኢታዊ መሳርያ'ዩ ዘሎ፡ ንሱ ድማ ሰሓቕ እዩ"- **ማርክ ትዌን**
- "ብዘይኣለካ ሰሓቕ፡ ነገራት ሕማቕ ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ንኡብሰኻ ካብ ምብዳል ይከላኸል እዩ"- **ጃም በቸር**
- "ሰሓቕ መርዚ ናይ ፍርሒ እዩ"- **ጆርጅ ማርቲን።**



## ህይወትን ፒያኖን

"ትሰፋውነት ዓንዲ ማእከል ዕዉት ህይወት'ዩ። ንመሃዘኑት፡ ትብዓት፡ ወኽደት፡ ርእሰ ተኣማንነት፡ ጥበብን መንፈሳውነትን ድማ የሰስን" ብምባል እዩ ዶክተር ማርቲን ሰሊግማን ዝገልጾ። ህይወት እትጸገምረሉ ግዜ'ውን ኣሎ። ምጽግጋር ህይወት ከኣ ናብ ዘይተደለየ ጭንቀት ክእትወካ ይኽእል። "ህይወት ልክዕ ከም ፒያኖ እያ። ካብኣ እንታይ ተወጽእ ከመይ ኣብልካ ከኣ ትጻወት እዩ ዝምርኮስ" ይብል - ቶም ለህረር። ስለዚ፡ ህይወት ልክዕ ከም ፒያኖ'ያ ትምሰል። እቶም ኣብታ ፒያኖ ዝርከቡ ጸዓዱ መፋትሕ ንዘህልወና ሓጎስን ተስፋን ይውክሉ። እቶም ጸለምቲ ከኣ ንሓዘንናን ስቅያትናን ይውክሉ። እንተኾነ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ክሳብ ዝሃለና እቶም ጸለምቲ መፋትሕ ናይታ ፒያኖ'ውን ጥዑም ደሃይ ዘለዎ መዚቃ ከም ዘቃልሑ ኣይንዘንግዕ። ኣብ ህይወት እንሓንሳብ ኣብ ጥርዚ ሓጎስ ክንበጽሕ እንሓንሳብ'ውን ናብ መዓምቑ ጓሂ ክንንቆት ንኽእል ኢና። ህይወት'ውን ገጽ ዝኸልኣትናን ተመሊሳ ቁሊሕ ዘይትብለናን ኮይኑ ክስመዓና ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ህይወት ተፈራረቕት ስለ ዘኾነት ንዘለናና ሓዘንን ስቅያትን ኣረሲዓ ብሓጎስ ፍሽኽ ከም እንብል ክትገብረና'ውን ትኽእል'ያ። ኣስተውዕል፡ እታ ፒያኖ ክንዝርግ እንከለና ኑተን ጸዓዱ መፋትሕ ጥራይ ብምጥዋቕና እንፈጥሮ ጥዑም ደሃይ ፈጺሙ የለን። እቲ ህርመትን ረምታን ናይ'ቲ ደሃይ ክምቅር እንተኾይኑ፡ ኑተን ጸለምቲ መፋትሕ'ውን ክንጸቕጠንን ንኽልቲኡ ብማዕረን ብብኡብረን ክንበጽሖን የገድሰና። ኑተን ጸለምቲ መፋትሕ ዚያዳ ብምጥዋቕና ጥራይ'ውን እንፈጥሮ ፍሉይ ላዛ ኣይህልወን። ብማዕረ ክንጸቕጦ ደኣ'ምበር። ስለዚ ኣብ ህይወት ንዘመጽኣና ሓጎስን ጓህን ከኣ ከም ዝጉብኣ'ሞ ኑሰዮ ጣዕሚ ናይቲ ዝህልዎ ላዛ ከኣ ኣስተማቕር።



# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## “ትውጋሕ!” - ሕራይ ትውጋሕ

*13 ጥሪ* *09:30 ቅ.ቐ.*



ክንደይ ሰብ ንጥሪ ተሃኒኑ ይጽበያ ይኸውን እዩ። ብፍላይ እዞም ካብ ጓይላታት ናይ ዓመቶም ዘእትው። ክንደይ ከኣ'ባ ናፍቖት ጓይላ ዘለዋ ኣላ። ክንደይ ከኣ ናይ ከብሮ ወኒ ዘለዋ ኣላ። ክንደይ ከኣ ኣላ ሳዕሲዓ ቃንዛኣ ትፍውስ።

ኣነ ብጓይላ ክንዲኡ ግዱስ ኣይነበርኩን። ትማሊ ግን ሓንቲ ጀነሬተር ሒዘ ኣብ ሓደ መርዓ ሓዲረ። ናይዚ ዓዲ ጓይላ ፍሉይ እዩ። ምሉእ ምሸት ክሰዕስዑ ኣምሰዮም ከይኣኸሎም፡ ከውግሑዋ ደለዩ። ናይ ጀነሬተር ነገር፡ ጓይላ ከይተዛዘመ ኣነ ክድቅስ ኣይክእልን እየ። ሰዓት ሰለስተ ለይቲ ምስ ኮነ “ዕሰልየ ኣብሉዎም እሞ ጀነሬተር ከነጥፍኣ ኢና፡” ይብሎም። ብድቃስ ተኻኢለ እየ። ክሳብ ክንዲኡ ክጸንሑ'ውን ኣብ ግምተይ ኣይነበረን። ሓደ ደልዳላ ሰብኣይ ምስ በትሩ መጺኡ፡ “ትጋሕ! ይነግረካ ኣለኹ ከይተጥፍኣ። ትጋሕ! ኣእጋርካ ክኽርትመካ እየ፡” ምስ በለኒ ማይ ዝኣተወት ኣንጭዋ ኰይነ ትም። ሽሕ'ኳ ሰትዩ እንተ ነበረ፡ ኣብ ኣዊንቲ ኵሎም ዕዱማት፡ መጸበቕትን ቤተ-ሰብን ተመሳሳሊ መልእኽቲ እዩ ነይሩ። ጉድዶ መጺኣትኒ። መጀመርታ “ትጋሕ!” እንታይ ማለቱ ምዃኑ ምርዳእ ኣብዩኒ ነይሩ'ዩ። ክሳብ ትወግሕ ተጻዊቶም። ኣነ ኮፍ ኢለ ድቃሰይ ፍርቂ-ፍርቂ ገይረዮ።

መሬት ወገግ ኢሉ። ወጋሕታ ከም ኣመላ ዝኽልክላ ከም ዘየለ ከተበስር ባና ኣቐዲማ ትመጽእ ነይራ። ምስኪኖት መርዓውቲ ምስ ወገሐ ዕስል'የ ኢሎም። ደቂሶም'ባ ይኾኑ። ኣነ ጀነሬተር ኣጥፊአ ዝድቅሰሉ መገዲ እናሓሰብኩ፡ ወራዶ መርዓ ናብ ክሽነ እንዳ ጓል ቀሪቦም ክጻወቱ ጀመሩ። እቲ ኣብ ደርፊ “ወዲ ሃይለ ሰባር ዓታሩ” ዘላ ‘ሓውሲ’ ትርጉማ ረኺበያ።

“... ዳስ ዓድና ኣብቲ ዕሙር ጓይላ

ተድክምየን ኵለን ሰብ ነጻላ

ኣጓብዘ ዓድና ርእዮም ድሮ

ትብእስ ሓዲሮም ብኸበሮ

ሕሉው ሓዲረኪ ተካል ሕድሮ

ከይወሰዱኺ ገሊኦም ከታሮ

ኣብቲ ማእከል ምርኣይኪ ስኢነ

ክደልየኪ እዛ ለይተይ ተኺለ

ሓውሲ እናተባህለ ኣብ ወጋሕታ

ልበይ መለስኪያ ብፍሽኽታ...”

ምሉእ ስእሊ ናይዛ ደርፍ ኣነ ከም ዝዋስኦ ፊልም ተራእየኒ። ‘ሓውሲ’። ኵሎም ድልዱላት ኣጓብዝ ዓርኪ ሕልፎት፡ ንሶምን በትሮም፡ ንሶምን ነጸላኦምን፡ ንሶምን ከበሮኦም፡ ... ከም ብሓድሽ ተበሪሁዎም ክጻወቱ ረኣኹ። ምሉእ ለይቲ ዝሓደረ ፍሽኽታኦም ምስዛ ወጋሕታ ተሓዲሱ። ንሶምን ጸዓዲት ኣሰናኖምን፡ ክንደይከ ከምሕረሎም። ኣብ ኢዶም ጥራይ ጽርይቲ መለሊኽ ሒዞም ኣለው። በትሮም ኣብ ትሽትሾም ቀርቂሮም እናጣቐዑ፡ ከበሮም እናደከሩ ክጻወቱ ጀመሩ። ገሊኦም ይደርፉ፡ ዝተረፉ ይቕበሉ። ካብቲ ዝሓደረ ባንድ ዝመቀረት ንእሽተይ ጓይላ እያ። ድቃሰይ በኒና ፍረ-ነገር ክሰምዕ ተጸጊዐዮም።

“... ወሃቢት ሰሚዐ ነይረ... ወሃቢት ሰሚዐ ነይረ” ይብሉ፤ “ወሃቢት” ኢሎም ከኣ ይቕበሉ። “ወሃቢት ሰሚዐ ነይረ!” ይዛዝሙዋ።

“ወሃቢት ሰሚዐ ነይረ (2)” ... “ወሃቢት” ... “ወሃቢት ሰሚዐ ነይረ!”

“ለጋስ ሰሚዐ ነይረ (2)” ... “ለጋስ” ... “ለጋስ ሰሚዐ ነይረ!”

“ኣብ ጉንዲ ቀፎ ማይ ዘይሓለፎ” ... “ኣሎ” ... “ኣይትህባናንዶ!”

“ሓውሲ በለት ነብሲ (2)” ... “ሓውሲ!” ... “ነዛ ልበይ ፈውሲ!”

“ለጋስ ሰሚዐ ነይረ ...”


እናደጋገሙ ይውድሱ። ሓማቶም ተጻዋቲት ድየን ኰይነን ዋላ ከምኡ'ዩ ዝግበር ምስ ጥልፈን ሰተት እናበላ ምስኦም ይሰዕስዓ። ኣብ ክሽነ ኸኣ ኣብ ሓደ ዓቢ ድስቲ ጋዓት ይገዓት። ዘይተጣዕመ ማይ ዘይሓለፎ ሰዋ ካብ ጉንዲ ቀፎ ግዲ ይመጽኦም ኰይኑ፡ ከም ደርፎም ሰዋ ይመጽኦም። ጋዓት ተቐሪባ እናበልዑ፡ መርዓውን መርዓትን ክጽንበሉ ናብ ቤተ ክርስትያን ነቒሎም። ኣነ ከኣ ምስኦም ካብታ ጋዓት ቊሪሰ። ልዕሊኣ ግን ትርጉም ‘ሓውሲ’ ምፍላጠይ ኣሕጒሰኒ። ሓቁ እዩ “ትጋሕ!” ክብላ። እንቋዕ ከኣ ወገሐት።

ተስፋት - ባረንቱ

## መጽሓፍ.... ...ምስ ኣንቢበኩ



*8 ለካቲት 2024*



ጠሓኒተይ እንተ ዘይለሚጻትኒ ብዙሕ ዝዳቐቕ ምስጢራት ኣንብብ ኣለኹ። ሎሚ ድሕሪ ዓመተይ መጽሓፍ ሒዘ ኣንብብ ኣለኹ። ዝገርም'ዩ ኣበይ እየ ዝነብር ዘለኹ። መዓልትዊ ጉዕዞይ ሓደ ዓይነት ኰይኑ ከሰልክየኒ ጀሚሩ እዩ። ሓድሽ ዛንታ፡ ብዛዕባ ሓድሽ ዓለም ዘዕልለኒ ዘይተፈለጠኒ ህንጥዩነት ጸኒሑኒ። ኣቦሓጎ ናይዚ ኣብዛ መጽሓፍ - ZORBA THE GREEK - ዘሎ ብዓል ዛንታ፡ ኣብ ሓንቲ ናይ ክሪት ዓዲ ዝቐመጥ ዝነበረ እዩ። እዚ ጸኒሐ ዘዕልለኪ ዛንታ ምስ ኣንበብኩ ከምዚ ሰብኣይ ዝኣረግኩ መሲሉኒ። ንሱ ስለ ዝኣረገ ሓድሽ ዛንታ ኮፍ ኢሉ ክሰምዕ ይደሊ ነይሩ። ኣነ ግን ዕጽፍ ዝርግሕ ዝብል መንእሰይ፡ ነቲ ዝብህጎ ዛንታ ባዕለይ ክኸዶ ኣይኮነን ነይሩኒ!?

ኣቦሓጎይ - ኣቦ ኣደይ - ኣብ ሓንቲ ንእስ ዝበለት ዓዲ ናይ ክሪት እዩ ዝቕመጥ ነይሩ። ኵሉ ግዜ መሬት ኣብ ምምሳዩ ፋኑስ ኣብ ኢዱ ብምሓዝ፡ ኣብ ጐደናታት ናይዚ ዓዲ ኰለል ምባል ልማዱ'ዩ ነይሩ። ምናልባት ሓላፊ መገዲ ወይ ጋሻ እንተ ረኺበ ኢሉ'ዩ ዝወጽእ። ዕድል ገይሩ እንተ ረኺቡ፡ ሒዝዎ ናብ ገዛኡ ይኸይድ። ዝኣክል ዝብላዕን ዝስተን ይህቦ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ መንበሩ ኮፍ ኢሉ ሽጋራኡ ብምውላዕ፡ ናብ ጋሻኡ ገጹ ይቐንዕ። ጋሻ ናይቲ ዝተገብረሉ እንግዶት፡ ኢድ ዝመልሰሉ ሰዓት ኣኺሉ ኣሎ ማለት'ዩ። ምሉእ ኣድህቦ ብዝመልስ ድምጺ ኸኣ “ተዛረብ!” ይብሎ።

“ብዛዕባ እንታይ ክዛረብ ኣቦይ ሞውስቶዮርጊ?”

“እንታይ ኢኻ? መን ኢኻ? ካበይ መጺእካ? ዝሓለፍካየን ዓድታትን ከተማታትን? እንታይ ርኢኻ? ... ኰታ ኵሉ ኣዕልለኒ። ሃየ ተዛረብ!”

እቲ ጋሻ ከኣ ሓቁን ሓሶቱን እናዘከረ የዕልሎ። ኣባሓጎይ ከኣ ኣብታ ኮፍ ዝበላ ኣስተርሕዩ ሽጋራኡ እናኣትከኸ፡ ነቲ ጋሻ ብዕላሉ ኣብ ጉዕዞኡ ይስዕቦ። ናይቲ ጋሻ ዕላል እንተ ፈትዩዎ፡ “ጽባሕ'ውን ምሳና ክትውዕል ኢኻ። ኣይትኸይድ ኢኻ። ገና ብዙሕ ዝዕለል ኣሎካ፡” ብምባል የጽንሖ። - (ገጽ 50)

ሓደ ሓደ ግዜ እርጋነይ ጽቡቕ ገይረ ኣለልዮ እየ። ከይተረድኣኒ ብዙሕ ናይ ዓበይቲ ነገራት ኣጥሪየ እየ። በብሓደ ከጥፍኦ ካብ ዝሓስብ ነዊሕ ኰይኑ ኣሎ። እንታይ ኣጥፊአ፡ እንታይከ ተሪፉኒ ኢለ ኣይገምገምኩን። ከም ኣቦይ ሞውስቶዮርጊ፡ ፋኑሰይ ሒዘ፡ ሓድሽ ዛንታ ኣብ ጐደናታት ከናዲ ከምሲ ተራእዩኒ። ዞርባ'ሞ ልበይ ወሲዱዋ ኣሎ። ቅልል ዝበለ ህይወቱ፡ ዝሓለፎ ጉዕዞን ዝበጽሖ ሓቅን ብቐንኢ የንድደኒ ኣሎ።

ጆሃራ ስዒድ

## ብር ክትብሊ ተሓጐሲ

*ሓምለ 2014* *09:30 ድ.ቐ.*



ፎኩስ ረፍዲ፡ ፎኩስ መዓልቲ እዩ። “ብር ክትብል ተሓጐስ!” ክብሉኻ እንከለውስ ኵሉ ዝተጻዕነካ'ኳ'ዩ ቅንጥጥ ዝብል። ብር ኢለ ክሕጐስ ... ኣንቲ እንታይ ዝበለ ጥዑም ምረቓ እዩ። ተጻዊኑካ እንተ ኣርፊዱ ከምኡ ኢልካ ኢኻ ትውዕል። ኵሉ ሳዕ ረፍደይ ከይጽይቕ ንእሽቶ ጥንቃቐ እገብር እየ። ዝርስዓሉ መዓልቲ ገዲፍካ። ትማሊ ብዙሕ ናፊቐ። ናፊቐስ ብንብዓት ተሓጺበ ኣርፊደ። እንተ ፎኹሰኒ ተሓጺበ ደገ ወጺአ፣ ኣይወጻለይን። ከምኣ ኢለ ውዒለ።

ሎሚ ናይ ትማሊ ረበሻይ ከጥፍእ ኢለ ጸሓይ ከይበረቐት ናይ መጀመርታ ጸሓይ ወጋሕታ ዝርእየሉ ቦታ ከይደ። ፍኾስ ኢሉኒ ምእንታን ክቕበላ ተጻራርየ፡ ክዳነይ ከየኽበድኩ ንበረኻ ወጺአ። ሰዓት ምሉእ ቀዳመይቲ ጸሓይ ናይዛ መዓልቲ ተጸብየያ። ሓይሊ ወጋሕታ ሓይለይ ክኸውን ወትሩ ምስ በሃግኩ እየ። ሓይለይ ኣብ ዝደኽመሉ ብሻዓይ ኣብዚ ቦታ መጺአ ህይወት ይመልስ። ዘቐንየኒ ሓይሊ ኣኪበ ሰርሐይ እኸይድ። ሸዑ እሕጐስ፣ ክስሕቕ እውዕል፣ ምስ ፈለጥተይ ጽቡቕ፡ ዓሚቑን ጥዑይን ዕላላት ኣዕልል። ኣብ ከምዚ መዓልቲ ዝሰርሖ ስራሕ ኵሉ ጽፉፍን ስሉጥን እዩ። መዓልትታት ህይወተይ ኵለን ከምኡ ይግበረለይ።

ከም ናፍቖት ገይሩ ዘሕምቐንን ዝምልከተንን ስምዒት የለን። ከይናፍቕ ኢለ ካብ ክንደይ መገሻ ዘይተረፍኩ። ኵሉ ሰብ “ብር ክትብሊ ተሓጐሲ!” እናበለ ክምርቐኒ'የ ዝምነ። ብር ክብል'ወ ክሕጐስ። ኣብ ሕቑፊ ብዓልቤተይ፡ ኣብ ዓሚቝ ሕልሚ ዘይብሉ ድቃስ ህልም ኢለ ሓዲረ፡ ብር ክብል እንከለኹ ኣብ ጐድነይ ምህላው ክሕጐስ'ወ። ክንደይ ግዜ ንዘየለ ብር ኢለ ሃሰስ ዝበልኩዎ። ብንብዓተይ መተራኣሰይ ከጠስጥሶ ኸኣ ኣርፊድ። ነፍሲወከፍ መዓልቲ ብርሀቲ መዓልቲ ክኸውን ብናፍቖትን ንብዓትን ደዊነ እናወዓልኩ ሞኽ ኢለ'የ። ሕጂ ግን ዘቐንየኒ ቻርጅ ገይረ ኣለኹ። ምስ ናፍቖት ተፋጢጠ ዝኽእሎ ኣይኮነን። ብር ኢለ ዝሕጐሰለን መዓልታት ይሃበኒ።

ሓይሊ ወጋሕታ

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ኪ.ግ ዓንሰባ ብክልቲኡ ጾታ ውድድራቱ ዳግም ይቕጽል

ብምኽንያት ሃገራዊ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ተቛሪጹ ዝጸንሐ ሻምፕዮን ውድድራት ሊግ ዓንሰባ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ሻድሻይ ሰሙን በጺሑ ዘሎ ግጥማት ደቂ ተባዕትዮን፣ ትማሊ ቀዳመ-ሰንበት ኣብ ስታድዮም ከረን ቀጺሉ።

ቀዳም ፈለማ ክጋጠማ ዝተመደባ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ እየን ነይረን። ምምሕዳር ከባቢ 05 ምስ ምምሕዳር ከባቢ 04። ምምሕዳር ከባቢ 04 ኣብ ጸወታ ክትርከብ ብዘይምኽኣላ ግን፣ ካብ ጸወታ ወጻኢ ብምዃን ተኣልያ።

ግጥማት ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዝቐጸለሉ፣ ጋንታታት ዓንሰባን ኣልጋሸን ናብ ሜዳ ኣምርሓ። እዚ ሊግ ብወሃሉል ነጥቢ ትመርሖ ዘላ ጋንታ ዓንሰባ፣ ቀድሚ ዕረፍቲ ብመንገዲ ሳይሞን ኣማኑኤልን ፍትሒ ሓሰባላን ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ መራሕነታ ኣረጋጊጻ ዕረፍቲ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ሰለስተ ደቓይቕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ እውን፣ ብስራት እስጢፋኖስ ሳልሳይቲ ሸቶ ብምውሳኹ፣ ጸወታ ብዓብላልነት ዓንሰባ ቀጺሉ። ኣልጋሽ ኑተን ቅሳነት ዝኸልኣኣ ሸቶታት ከተሕዊ እኳ ፈተነ እንተኣካየደት ክትዕወት ኣይከኣለትን። ጸወታ ብዓወት ዓንሰባ 3-ብ0 ክዛዘም እንከሎ፣ ብስራት እስጢፋኖስ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰይሙ።



ብልጽቲ ተጻዋቲት ያስሚን በየነ

ሰንበት ኣብ ዝቐጸለ ግጥማት፣ ንኽልቲኡ ጾታ ዘሳተፈ እዩ ነይሩ። እቲ ግጥም ብናይ ደቀንስትዮ ዝፈለመ ኮይኑ፣ ፈለማ ዝተራኸባ ምምሕዳር ከባቢ 06 ምስ ምምሕዳር ከባቢ 02 እየን። ጸወታ 13 ደቓይቕ ምስ ተሳዕሎ ከኣ፣ ምምሕዳር ከባቢ 02 ብመገዲ ሚሪ እዮብ ሸቶ ረኸበት። ኣብ መበል 16ን 29ን ደቓይቕ እውን ያስሚን በየነ ክልተ ሸቶ ከተመዝግብ ብምኽኣላ፣ ምምሕዳር ከባቢ 02፣ 3-ብ0 መሪሓ ንዕረፍቲ ኣምርሓ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ ከኣ ምምሕዳር ከባቢ 02 ራብዐይቲ ሸቶ ወሰኸት። ቀመንኣ ኣመሓራርያ ዘኣተወት ምምሕዳር ከባቢ 06 እውን ብመንገዲ ሰደና ተፈሪ ሸቶ ኣመዝገበት። ጸኒሐን ክልቲኤን ምምሕዳራት ሓሓንቲ ሸቶ ብምውሳኸን ጸወታ ብዓወት ምምሕዳር 02፣ 5-ብ2 ተዛዚሙ። ያስሚን በየነ ድማ ሰለስተ ሸቶ ብምምዝጋብ ሃትሪክ ሰሪሓ፣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ድማ ተረቝሓ።

ተዓዘብቲ ብሆንቀውታ ዝተጸበይዎ ግጥማት ጋንታታት ኣልናስርን ኣልሂላልን ኣብ ዝቐጸለሉ፣ ስታድዮም ከረን ብዳገፍቲ ክመልእ'ዩ ተራእዩ። ኣብቲ ሓያል ምውህሃድ ተጻወትቲ ዝተራእየሉ ግጥም፣ ኣልናስር መስመር መጥቃዕታ ኣሐይላ ብምንባሩ ጸወታ ርብዒ ሰዓት ምስ ተሳዕሎ ብመገዲ ሓብን መሓመድ ሸቶ ኣመዝገበት። ኣብ መበል 22 ደቓይቕ እውን ብመገዲ ተጻዋታያ ሓብን መራሕነታ እተደልድል ሸቶ ኣመዝገበት። ብወገን ኣልሂላል ሚዛናዊ ዝኾነ ምንቅስቓስ እኳ እንተተራእየ ሸቶ ክትረኽብ ኣይከኣለትን። ንዕረፍቲ ከምርሓ ደቓይቕ ምስ ተረፈን ከኣ ኣልናስር ሳልሰይቲ ሸቶ ብምውሳኽ 3-ብ0 ናብ ዕረፍቲ ኣምርሐት። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣልሂላል ብመገዲ ሚሮን ጉብረመድህን ንሞራላ ዘበራበረት ሸቶ ረኸበት። እንተኾነ ኣልናስር ክትዕገት ኣይከኣለትን ራብዐይቲ ሸቶ ኣመዝገበት። ምትህልላኽ ክዓርግ ተራእዩ፣ ይኹን'ምበር ጸወታ 54 ደቓይቕ ካብ ዘቑጸረሉ ንደሓር ልዑት ክልቲአን ጋንታታት ክድፈር ኣይተራእየን። ጸወታ ከኣ ብዓወት ኣልናስር 4-ብ1 ተዛዚሙ። ሓብን መሓመድ ብሉጽ ተጻዋታይ ብምዃን ተሸሊሙ። እዚ ውድድር ብ22 ታሕሳስ 2024 ዝጀመረ ኮይኑ ኣብ ምቕጻል ይርከብ።

## ብምኽንያት መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ባይታ ቴንስ ይካየድ

ብምኽንያት መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ፣ ብምትሕብባር ሃገራዊ ፌደረሽንን ፌደረሽን ዞባ ማእከልን፣ ካብ 1 መጋቢት ዝፈለመ ውድድር ባይታ ቴንስ ይካየድ ኣሎ።

እዚ ንመጀመርታ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፣ ካብ ክልቲኡ ፌደረሽናት ዝተዋጸኣ፣ ካብ 15 ዓመት ንላዕሊ ክሊ ዕድመ ዝለወን ተጻወትቲ ብ13 ጽምዲ ጉጅለታት ዝቖመ 26 ደቂ-ኣንስትዮ ዝሳተፋ እየን።

ኣብ ናይ ቀዳም ዝነበረ ውድድር፣ ሳሮን ልኡልን ቅዱሳን ጉብራይን ንመጋጥምተን ፒንኤል ዳንኤልን ልዋም ክፍሉምን 6-ብ3 ኣብ ካልኣይ-እብረ ድማ 7-ብ6 ረቲዐን ናብ ርብዒ ፍጻመ ክሓልፋ ከለዋ፣ ድሌት መሓሪን ሉሊያ ሃብተማርያምን፣ ንዘንኣን ክብሮምን ሊድያ ትኩእን፣ ፈለማ 7-ብ6 ኣብ ካልኣይ እብረ 3-ብ6፣ ኣብ ሳልሳይ ከኣ 10-ብ4 በዲህንኦን፣ ጸወታ መሳጥን ህልኽ ዝዓብለሎን እዩ ነይሩ። ጉጅለ ድሌትን ሉሊያን ድማ ናብ ርብዒ ፍጻመ ሓሊፈን።

ድሒሩ ኣብ ዝሰዓበ ግጥም፣ ሳሮን ፍስሃየን የሳን መሓሪን ንሻሎም ኣሚሃን ኣስቴር መብራህቱን - ኣብ ቀዳማይ እብረ 6-ብ2 ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ 6-ብ1 ሰዒረን ናብ ናይ ርብዒ ፍጻመ ግጥም ሓሊፈን። ዲያና ተወልደብርሃንን ኤልያና ኤልያስን ንዩዲሽ ካሕሳይን ፍረወይኒ ተወልደን 6-ብ0 ኣብ ቀዳማይ እብረ፣ 6-ብ0 ከኣ ኣብ ካልኣይ ብምስዓር ናብ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታ ኣቓሚተን። ሰምሃር መንግስተኣብን ሉሊያ የውሃንስን ንዳናይት ድራርን ሮዳ እንድርያስን - ኣብ ቀዳማይ እብረ 6-ብ0 ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ 6-ብ2 ተዓዊተን ናብ ዝቕጽል ጸወታ ሓሊፈን።

ሰንበት ዝተሰርዐ ጸወታ ርብዒ ፍጻመ እዩ ነይሩ። ሳሮን ልኡልን ቅዱሳን ጉብራይን ንናኦሚ ፍስሃየን ሚካል የናስን ኣብ ቀዳማይ እብረ 6-ብ0 ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ 6-ብ0 ብምስዓር ብጠፊሕ ዓወት ናብ ፍርቂ ፍጻመ ዘለለን። ሳሮን ፍስሃየን የሳን መሓሪን ከኣ ንድሌት መሓሪን ሉሊያ ሃብተማርያምን ቀዳመን 6-ብ0 ድሒረን ድማ 6-ብ1 ብምስዓር ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሰጊረን። ሰምሃር መንግስተኣብን ሉሊያ የውሃንስን ንዲያና ተወልደብርሃንን ኤልያና ኤልያስን ፈለማ 6-ብ4 ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ 6-ብ1 ሰዒረን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን። ሜዕበል ሃብቶምን ናሂር ፍስሃየን ንፊሽን ተኽለሃይማኖትን ሰደና ሚካኤልን 6-ብ0 ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ 6-ብ0 ብምዕዋት ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን ኣለዋ። በዚ መሰረት፣ ኣርባዕተ ጋንታታት ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን ኣለዋ። እዚ ውድድር፣ ሰንበት 9 መጋቢት ብዝካየድ ናይ መዛዘሚ ውድድር ክዛዘም እዩ።





## ፒኤስጂ፣ ኣምሳያ ኢሳቕ ሰለስተ ተጻወትቲን 150 ሚልዮን ኤሮን ትቕርብ

ፈረንሳዊት ክለብ ፒኤስጂ፣ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ካብ ኒውካስል ንምምጻእ፣ ኣምሳያኡ ሰለስተ ተጻወትታን 150 ሚልዮን ኤሮን ነታ እንግሊዛዊት ክለብ ክትህባ መደብ ከምዘለዋ ሓቢራ።




ብመሰረት መግለጺ ፒኤጂ፣ እቶም ከም ተወሳኺ እዚ ገንዘባዊ ክፍሊት ክትሰዶም ሓሲባ ዘላ ተጻወትቲ፣ ፖርቱጋላዊ ኣጥቃዓይ ጎንካሎ ራሞስ፣ ብልቓሕ ምስ ጁቬንቱስ ተሰሊፉ ዘሎ ፈረንሳዊ ኣከፋፋላይ ኮሎ ሙኣኒን ብልቓሕ ናብ ኣስቶንቪላ ከይዱ ዘሎ እስፓኛዊ ናይ መኣዝን ኣጥቃዓይ ማርኮ ኣሰንስዮን እዮም።

ኣብ ዓይኒ ብዙሓት ክለባት ኣትዩ ክንሱ ዛጊት ኣብ ክለቡ ጸኒዑ ዘሎ ኤርትራዊ ሽወደናዊ ኣጥቃዓይ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ፣ ብኣርሰናልን ሊቨርፑልን እውን ዘይዕዉት ፈተነ ምስግጋር ተኻዪዱሉ ነይሩ እዩ። እዚ ብፒኤስጂ ቀሪቡ ዘሎ ሕቶ ግን ኣብ ዝመጽእ ክረምቲ ኣብ ዝካየድ ማሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ክሰልጥ ትጽቢት ተገብሩሉ ኣሎ። እዚ ማሰርሒ፣ ኣብ ድሌት ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ዝምርኩስ ኮይኑ፣ ኒውካስል ኣብ ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስዘይትሳተፍ፣ ናብ ካልእ ክለብ ክግዕዝ ይኽእል እዩ ዝብል ግምት ኣሎ።

ኢሳቕ፣ ንኒውካስል፣ ኣብ'ዚ ኹነ ዘይተዛዘመ መድረኽ 2024/25 ዛጊት19 ሸቶታት ብምምዝጋብ ኣብ ሻድሻይ ተርታ ክትስራዕ ኣኽኢሉዋ ኣሎ። ብጠቕላላ ምስ ዝሓለፈ ዓመት ጸወታ ተደሚሩ ከኣ 50 ሸቶታት ኣዝዚሙዋ ኣሎ።







## ስሎት፣ ቀይሕ ካርድ ዝወሰደሉ ምኽንያት ይቃላዕ

ኣሰልጣኒ ክለብ ሊቨርፑል ኣርን ስሎት፣ ምስ ኤቨርተን ኣብ ዘካየድዎ ግጥም፣ ቀይሕ ካርድ ዝተወሃቦ ምኽንያት ይቃላዕ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ 12 ለካቲት ሊቨርፑል ንጉል ከተማኣ ኤቨርተን ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ ዘካየደቶ ግጥም 2-ብ2 ድሕሪ ምዝዛሙ፣ ስሎትን ተሓጋጋዚኡን ብማእከላይ ዳኛ ቀይሕ ካርድ ከም ዝወሰዱ ይዝከር። ስሎት "ኣብዚ ሊግ እንተ ዘይተዓዊትና፣ ንዓኻ እየ ክወቕሰካ።" ክብል ጸዩፍ ቃላት ብዘተሓወሶ ኑቲ ጸወታ ንዘዳየ ሚካኤል ኦሊቨር ከምዝዘለፎ ብመርትዖ ተረጋጊጹ ኣሎ። በዚ መሰረት ስሎት፣ ካብ ክልተ ጸወታ ክእገድን 70 ሽሕ ኤሮ መቕጻዕቲ ክኸፍልን ኮምሽን ኤፍኤ ካፕ ከምዝበየኖ ተሓቢሩ።

ዳኛ ኣብ ጸወታ ዘርኣዮ ሻራዊ ዝኾነ ውሳኔ ሊቨርፑል ነጥቢ ከሰራ ክትወጽእ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ነይሩዎ እዩ ዝበለ ስሎት፣ ነቲ ማእከላይ ዳኛ ኢዱ ሰዲዱ ሰላም ኢልዎ ክከሱ ብመልሓሱ ግን ከምዝዘለፎ ተሓቢሩ። ዝ መርትዖ ብናይ ካሜራ ሰዉድ ክረጋግጾዎ ከም ዝኸኣሉ'ውን ወሲኾም ይሕብሩ። ኣብቲ ጸወታ ኣርባዕተ ቀይሕ ካርድ ዝተራእየሉ ኢጋጣሚ ምንባሩ እውን ይዝከር። እቲ ኮምሽን ኣስዒቡ፣ ስሎት ብዘርኣዮ ዘይስፖርታዊ ስምምዕርን ካብ ቁጥዐ ዝተበገሰ ዘለፋ ኣብ ልዕሊ ዳኛን እቲ ዝተዋህቦ ቀይሕ ካርድ ከምዝምዝኑ ገሊጹ።



# ዜና ዓለም

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ኣመሪካ፡ ንዩክሬን ክትህቦ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ደገፍ ኣቋሪጻቶ

ኣመሪካ፡ ንዩክሬን ክትገብረላ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ደገፋት ካብ ትማሊ 4 መጋቢት ኣትሒዛ ደው ከተብሎ ከምዝወሰነት ተሓቢሩ፡፡




እዚ ዝሕብር ዘሎ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ሃገሩ ንዩክሬን እትህቦ ሓገዛት ደው ንኽብል ዘቕረቦ እማመ ብዕምምሕዳር ዋሽንግቶን ድሕሪ ምጽዳቑ እዩ፡፡

ኣመሪካ ንዩክሬን ትገብሮ ዘላ ኩሉ መዓያዊ ደገፍ ከተቋርጽ ዝተገደደት፡ ብሰንኪ’ቲ ኣብዚ ሰሙን’ዚ ኣብ መንጎ መራሕቲ ክልተአን ሃገራት ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ምዃኑ፡ በብሲ ሓቢሩ፡፡

ዩክሬን ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ኣብ መንጎአን ሩሲያን ዝካየድ ዘሎ ደማዊ ውግእ ምዃና ዝጠቕሰት ኣብል ላዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ ሱዛን ኮሊንስ፡ ምቁራጽ ወተሃደራዊ ሓገዝ ኣመሪካ ኑታ ሃገር እዋኑ ምዃኑ ገሊጹ፡፡

“እዚ ግዜ’ዚ ንዩክሬን ኣሲጋኢ እዋን’ዩ” ዝበለት እታ ኣብል ባይቶ፡ እንተኾነ ሪፓፕሊካውያን ምስ ዩክሬን ዘለዎም ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ዝምድና ንምምሕያሹ ክሰርሑ ምዃኖም ኣፍሊጣ፡፡

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ብወገኑ፡ ንዩክሬን ዝዋገር ወተሃደራዊ ሓገዝ ደው ክብል ንዘተዋህበ ውሳኔ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ “ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ዓለም እቲ እንኮ ኣብ ዩክሬን ንዘካየድ ዘሎ ኩናት ኣብሪን ናይ መውዳእታን ሰላም ክምጽእ ዕድል ዘለዎ መራሒ’ዩ” ክብል መጕሰም፡፡

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ብዛዩ ተሳትፎን ሓገዝን ኣመሪካ ኣብ ዩክሬን ሰላም ክሰፍን ከም ዘይክእሉ ኣተሓሳሲቦም፡፡

ኣመሪካ ቀንዲ ወተሃደራዊ፡ ፋይናንሳውን ሎጂስቲካውን ቀረብ ዩክሬን ምንባራ ዝጠቐሰ በብሲ፡ እቲ ምቁራጽ ሓገዛት ድሕሪ’ቲ ዩክሬን ባህሪያዊ ጸጋታታ ምስ ኣመሪካ ክትካፈሎ ዘይምድላያን ንዘተ-ሰላም ቅሩብነታ ዘይምርኣያን ሰዒቡ ዝመጸ ምዃኑ ኣመልኪቱ፡፡

## ቻንስለር ጀርመን፡ ትራምፕ ንዘለንስኪ ብምዝላፉ ነቒፉ



ቻንስለር ጀርመን ንምዃን ዝቐራረብ ዘሎ ፍሪደሪክ መርዝ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ንዩክሬናዊ መዘናኡ ቮሎደሚር ዘለንስኪ ኣብ ዋሽንግቶን ዓዲሙ ብምውቃሱ ዝተሰመዖ ጓሂ ገሊጹ፡፡

እቲ ፖለቲከኛ ንበብሲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፕረዚደንት ትራምፕን ምክትሉ ጀምስ ዳቪድ ቫንስን ኣብቲ ምስ ዘለንስኪ ክረዳድኡሉ ዘይክኣሉ ኣርእስቲ ኑቲ ዩክሬናዊ ፕረዚደንት ኣብ ቅድሚ ማዕከናት ዜና ዓለም ምንቃፎም ቅቡዕ ከምዘይነበረ ኣመልኪቱ፡፡

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባውን ሸነኻት ዘይምስምማዕ ክፍጠር ባህሪያዊ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ዘለፋ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ዘለንስኪ ግን ንኽትቅበሎ ከምዝኸበድ ሓቢሩ፡፡

እቲ ኣብ መንጎ ትራምፕን ዘለንስኪን ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ፡ ንኣንፈት ፖለቲካዊ ዝምድናዊ ሃገራት ዝጸሉ ምዃኑ ዝገለጸ ፍሪደሪክ መርዝ ሃገሩ ኣብ ኤውሮጳ ክፍጠር ንዘኽእል ዘይምርግጋእ ንምህዳእ፡ ከምኡ’ውን ኣመሪካ ምስ ሕብረት ኤውሮጳ ዝምድናኣ ንምስትኽኻል ከምእትሰርሕ ኣገዚቡ፡፡

ንሱ ከምዚ ዝበል ዘሎ፡ ኣባላት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ኑቲ ኪዳን ዝስልዓሉ መጠን ወተሃደራዊ ባጀት ክብ ክብሉሉ ዝጠልብ እማመ ብኣመሪካ ድሕሪ ምቕራቡ ሰዒቡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ዘይምስምማዕ ተፈጢሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን ምዃኑ፡ መርበብ ሓበሬታ በብሲ ይሕብር፡፡

ፍሪደሪክ መርዝ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት ካብ ወተሃደራውን ጸጥታውን ሰግኣታት ንምድሓን ኣብ ምሉእ ጽግዕተኛነት ምክልኻል ኣመሪካ ክወድቕ ከምዘይብሉ ብምግላጽ፡ ጀርመን ጽኑዕ ወተሃደራዊ ምክልኻል ክህልዋ ምዃኑ’ውን ኣተሓሳሲቡ፡፡

ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ማይክ ዋልትዝ ብወገኑ፡ ንወቐሳ ፍሪደሪክ መርዝ “ቃጽያ” ክብል ምላሽ ሂቡሉ ኣሎ፡፡

## ብሪጣንያ፡ ናብ ዩክሬን ወተሃደራት ክትልእኽ ትዳሎ

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታመር፡ ሃገሩ ኣሽሓት ወተሃደራት ናብ ዩክሬን ንምልኣኽ ድልውቲ ከምዝኾነት ኣብቲ ብሰኑይ ምስ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ዝገበሮ ርክብ ገሊጹ፡፡

ንሱ ከምዚ ዝበል ዘሎ፡ ድሕሪ’ቲ ምምሕዳር ኣመሪካ ንዩክሬን ክህቦ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ሓገዛት ደው ክብሎ ከምዝኽእል ዘእንፍት ሓበሬታ ምርካቡ እዩ፡፡



ኪር ስታመር ኣብ መግለጺኡ፡ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዩክሬን ምድንፋዕ ሓላፍነት ሕብረት ኤውሮጳ ምዃኑ ብምጥቃሱ፡ ኣብ ኤውሮጳ ሰላምን ጸጥታን ንምስፋን ልፍንታዊ ድሌት ክህሉ ጸዊዑ፡፡

ንሱ ወሲኹ፡ ብሪጣንያ ድሕነት ኤውሮጳ ንምርግጋጽ ተበግሶ ከምዝወሰደት ብምንጻር፡ ሰላምን ርግኣትን ኤውሮጳ ንምውሓስ ሃገራት ናይ’ቲ ሕብረት ንዩክሬን ንምሕጋዝ ቅሩብነት ክርኢያ ተማሕጺኑ፡፡

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ብዝወሰኾ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን ዞባዊ ርግኣት ንምስፋን ብሓባር ክሰርሓ ተሰማሚዐን ምህላወን ብምንጻር፡ ከም መርኣያ ናይዚ ከኣ ኑቲ ናብ ዩክሬን ወተሃደራት ናይ ምልኣኽ መደብ ንምትግባሩ ኣበርቲዐን ከምዝሰርሓ ሓቢሩ፡፡

እቲ መራሒ መንግስቲ ኣብ መወዳእታ፡ ሃገሩ ኣርባዕተ እማመታት ሒዛ ብምቕራብ፡ ንምርግጋጽ ዩክሬን ሰላማዊ ፍታሕ ከምእትረኽበሉን ብእኡ ኣቢላ ንዩክሬን ካብ ወታሃደራዊ ወራር ሩሲያ ከም እተገላግላን ኣፍሊጡ፡፡

## ኣብ ዕዳጋታት ካናዳ፡ መክሲኮን ቻይናን ዘይምርግጋእ ተፈጢሩ

ኣብ ካናዳ፡ መክሲኮን ቻይናን፡ ብሰንኪ’ቲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝኣመሞ ናይ ታሪፍ ወሰኽ ቁጠባዊ ዘይምርግጋእ ተፈጢሩ ምህላዉ፡ በብሲ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ ኣመልኪቱ፡፡

እዚ ድሕሪ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ናብ ሃገሩ ዝኣቱ ፍርያት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝኣመሞ ናይ 25% ወሰኽ ታሪፍ ሰዒቡ ዝተኸስተ ቁጠባዊ ምንቅልቓላት ምዃኑ፡ እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ ሓቢሩ፡፡

ኣመሪካ ኣሚሚምዋ ዘላ ወሰኽ ታሪፍ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ዝተፈላለያ ሃገራት ኻ ቀጻሊ ምዃኑ ዝጠቐሰ በብሲ፡ በዚ መሰረት መክሲኮን ካናዳን’ውን ግዳይ ናይቲ ስጉምቲ ኩይነን ከምዝለዋ ኣረዲኡ፡፡

ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ጃስቲን ትሩዶው ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ ሃገሩ ኑቲ “ዘይፍትሓዊ” ክብል ዝገለጾ ወሰኽ ታሪፍ ንምቅዋም ግብረ-መልሲ ክይዝብትሉ ከምዝይትሓልፍ ኣጠንቂቑ፡፡

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ካናዳ ሜላን ጆሊይ ብወገኑ፡ ምምሕዳር ኦታዋ ከም ግብረ-መልሲ ናይቲ ተኸሲቱ ዘሎ ቁጠባዊ ቅልውላው ኣብ ልዕሊ 107 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ፍርያት ኣመሪካ ናይ ታሪፍ ወሰኽ ከም ዘጽድቕ ኣገዚቡ፡፡

ሚኒስትሪ ንግዲ ቻይና ትማሊ ኣብ ዘውጸኦ ተመሳሳሊ መግለጺ ድማ፡ ኑቲ ምምሕዳር ትራምፕ ዝገበሮ ዘሎ ናይ ታሪፍ ወሰኽ “ዘይምኽኑያታዊን መሰረት ዘይብሉን፡ ንኻልኦት’ውን ዝጸሲ ውሳኔ” ክብል ድሕሪ ምቅዋሙ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ቻይና ኣጽዲቓቶ ዘላ ናይ 20% ወሰኽ ታሪፍ ዳግመ-ግምት ክትገብረሉ ኣዘኻኺሩ፡፡

መክሲኮ’ውን እንተኾነት ኑቲ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ቁጠባዊ ምንቅልቓል ንምህዳእ ከም እትሰርሕ ብምምልካት፡ ኣመሪካ ብውሽጢ ውሽጢ ንጉዳዊ ኩናት ንምውሳዕ ትሰርሕ ምህላዋ ወቒሳ፡፡

ብሰንኪ’ቲ ዝተኣወጀን ደሮ’ውን ተግባራዊ ክኸውን ጀሚሩ ዘሎን ወሰኽ ታሪፍ ኣመሪካ፡ ኣብ ዕዳጋታት እዘን ሃገራት ርኡይ ቁጠባዊ ዘይምርግጋእ ተፈጢሩ ብምህላዉ፡ እተን ሃገራት ተመጣጣኒ ግብረ-መልሲ ክህባሉ ትጸቢት ይግበር፡፡




## ወተሃደራዊ መራሒ ጋቦን፡ ምርጫ ክካየድ ኣፍቂዱ

ኣብ ጋቦን ብትረ-ስልጣን ሓዚ ዘሎ ወተሃደራዊ መራሒ ጀነራል ብራይስ ኦሊጉ ንጉማ፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ቀረባ መዓልታት ናይዚ ወርሒ’ዚ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክካየድ ከም ዝወሰነ ተገሊጹ፡፡

ጀነራል ብራይስ፡ ኣብ 2023 ብትረ-ስልጣን ኣብ ዝተረኸበሉ እዋን ንስድራቤታዊ ምሕደራ ዒሊ ቦንጎ መኽተምታ ከምዝገበረሉ ብምጥቃስ፡ ብትረ-ስልጣኑ ንህዝቢ ከረክብ ምዃኑ እዩ ክገልጽ ጸኒሑ፡፡

ትማሊ ሰሉስ በብሲ ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ ድማ፡ እቲ ዝመጽእ 12 መጋቢት ክካየድ መደብ ተታሒዙሉ ዘሎ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ መርኣያ ናይ’ቲ ብጋቦናውያን ፈተውቲ ህዝቢ ጋቦን ክቐርብ ዝጸንሐ ተደጋጋሚ ጻውዒት ምዃኑን ብበይቶ እታ ሃገር ደገፍ ከምዝረኸበ፡ ኑቲ ወተሃደራዊ መራሒ ብምጥቃስ ሓቢሩ፡፡

እቲ ማዕከን ዜና ወሲኹ፡ ጀነራል ብራይስ ኦሊጉ እውን ኣብቲ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከም ዝሳተፍ ሓቢሩ ኣሎ፡፡

ኣብ ዳግመ-ህንጸት ጋቦን ምሉእ ተወፋይነት ናይ ዜጋታት ከምዘድሊ ዝጠቐሰ እቲ 50 ዓመት ረጊጹ ዘሎ ጀነራል፡ ደሮ ናይ ምረጽኒ ጎስጓሳት ንምክያድ ዝሓለፈ ቀዳም ምስ ወተሃደራውያን ኣዘዝቲ እታ ሃገር ርክብ ከምዝካየደ’ዩ ዝገለጸ፡፡

“ጀነራል ብራይስ ነዚ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ክዕወተሉ እንተኾይኑ፡ ንወትህደርና ምሉእ ብምሉእ ክገድፎ ኣለዎ” ዝበሉ ተንተንቲ ፖለቲካ ናይቲ ከበቢ፡ ምናልባት ኣብቲ ክካየድ ተወጠኑ ዘሎ ምርጫ ምስ ዘይዕወት ግና፡ ደጊሙ ናብ ስልጣን ዝምለሰሉ መንገድታት ክዕጾ ከምዘይክእል ኣተሓሳሲቦም፡፡

ጋቦን ብዘለዋ ዕቑር ባህሪያዊ ኑዳዲ ዘይትን ዕሙራት ኣግራብን ሃብታም እኳ እንተኾነት፡ ብሰንኪ እናሻዕ ዘጋጥማ ዘሎ ወተሃደራዊ ምስትኻብ ዝጠንቁ ጸጥታውን ፖለቲካውን ዘይምርግጋእ ግና፡ እቲ 2.4 ሚልዮን ዝኣመት ህዝቢ ኣብ ፍጹም ድኽነት ከምዝነብር ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት የመልክቱ፡፡




ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን
ዕለት: 05/03/2025
ጎደና: ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፔሮ
ቁ.ስልኪ: 120253
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565